
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 31 ዓመት ቁ.241 ረቡዕ 8 ሰነ 2022 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዓለምና እንኮ እያ’ሞ ንዓቅባ!



ገጽ 3
ሓድሽ ዝርጋሐ ‘በዲዶ ህበይ’ ኣብ ምዕራብ




ገጽ 4
ስድራ-ቤት - መሰረት ብቑዕን ስልጡንን ዜጋ!



ገጽ 5
ንድፊ ህይወት



ገጽ 7
ናትናኤል ደረጃኡ ዓቂቡ



## ኤርትራ፡ ኣብ ዋዕላ ምቁጽጻር ኣንበጣ ምድረ-በዳ ትሳተፍ ኣላ

ኤርትራ፡ ካብ 5 ክሳብ 9 ሰነ ኣብ ጅዳ - ስዑድያ ኣብ ዝቃናዕ ዘሎ መበል 32 ዋዕላ ኮሚሽን ምቁጽጻር ኣንበጣ ምድረበዳ ማእከላይ ዞባ፡ ከምኡ’ውን ኣብ መበል 36 ኣኼባ ፈጻሚ ኮሚተ ናይ’ቲ ኮሚሽን ትሳተፍ ኣላ።

ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ምቁጽጻር ሳዕሞቲ ባልዓት ኣቶ ቴድሮስ ሰዩም፡ ኤርትራ ንእትኽተሎ ናይ ምክልኻል ስትራተጂ፣ እተካየደ ናይ ምቁጽጻር ስራሓትን ኣማራጺታትን፣ ንወሃደት ኣካላት መንግስትን ህዝብን ናይ ልምዓት መሻርኽትን ዝምልከት ኣብሪሁ ህቡ።

ተሳተፍቲ፡ ኤርትራ - ንዝኣተወቶ መብጽዓ ኣብ ምትግባር፣ ሕብረተሰብ ኣብ ምንቃሳሕ፣ ከምኡ’ውን ኣብ 2019ን 2020ን ኣብ ምሕደራ መደባት ምጥፋእ ኣንበጣ ምድረበዳ ዘርኣየቶ ዕቱብነት ንኢዶም።

እቲ ዋዕላ፡ ኣብ ቴክኒካውን ምሕደራውን ዛዕባታት፣ ዓቕሚ ኣባል ሃገራት ንምምሕያሽ ዝተቐስመ ተሞክሮ፣ ክሊማዊ ለውጥን ጽልዋኡ ኣብ ለቡዳ ኣንበጣን፣ ተራ ሓድሽ ቴክኖሎጂ ኣብ ምድህሳስ ኣንበጣን መስርሕ ምክትታሉን ምቁጽጻሩን፣ ኣጉዳስቲት ምልውዋጥ ሓበሬታ ኣብ መንጎ ዝምልከቶም ኣካላት - ኣብ ዝብሉ ጉዳያት ይዝቲ ኣሎ።

ኮሚሽን ምቁጽጻር ኣንበጣ ምድረበዳ ማእከላይ ዞባ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ዓንቀጽ 14 ቅዋም ውድብ መግብን ሕርሻን ሕቡራት ሃገራት (FAO)፡ ኣብ 1967 ዝተመስረተ ኮይኑ፡ ቀንዲ ዕማሙ - ምሕጋዝ ኣባል ሃገራት፣ ምክልኻል ለቡዳ ኣንበጣ ምድረበዱ፣ ሓይጋታት ኣንበጣ ምድረበዳ ንምግታእ ድልውነት ምዕዛዝ የጠቓልል።

16 ኣባል ሃገራትን ሓንቲ ተዓዛቢትን ዝሳተፋኦ ኣኼባ ፈጻሚት ኮሚቲ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክልተ ዓመት ይካየድ።




## ኣስመራ - ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ሓርነት፡ ኣብነታውያን ተመሃሮን መማህራንን ሸሊማ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ - ኣስመራ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ሓርነት፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 12 ክፍሊ፡ ካብ 3 ክሳብ 4 ምሉእ ነጥቢ ዘምጽኡ 47 ተመሃሮ ኣባላት 33ን 34ን ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ሜዳልያታት ሸሊማ።

ብ4 ሰነ ኣብ ዝተገበረ ስነስርዓት፡ 6 ኣብነታውያን መማህራንን 2 ናይ ጽሬት ሰራሕተኛታትን እውን መተባብዒ ገንዘባዊ ሽልማት ተዋሂቦም።

እታ ቤት-ትምህርቲ ብዘውሃኸ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2021/2022 ኣብ ዝተኻየደ ሞዴል መርመራ ምሉእ ነጥቢ ንዘምጽኡ 5 ተመሃሮ ሸሊማ።

ርእሰመምህር ቤት-ትምህርቲ ሓርነት መምህር ተኽለማርያም በራኺ፡ ተመሃሮ ዘመዝገብዎ ነጥቢ፡ ፍረ ጻዕሮምን ወጽኢት ደገፍን ምክትታልን መማህራኖምን ወለዶምን ምዃኑ ብምሕባር፡ የማናኡ ገሊጹሎም።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ሓላፊ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ መምህር የውሃንስ ሰለሙን ድማ፡ ተመሃሮ ንዚያዳ ዓወት ክጽዕሩ፣ መማህራንን ወለድን ድማ ምክትታሎምን ምትብባዖምን ከዕዝዙ ኣዘኻኺሩ።



## ጨ/ንግዳዊ ባንክ ዓዲ-ወግሪ፡ ኣገልግሎቱ የስፍሕ

ጨንፈር ንግዳዊ ባንክ ዓዲ-ወግሪ፡ ኣገልግሎቱ ብምስፋሕ ዓማዊሉ ዝግጥምዎ ጸገማትን ስሉጥነትን ንምርግጋጽ፡ ብኮምፕዩተር ቴክኖሎጂ ብዝተደገፈ ኣሰራርሓ ይሰርሕ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ኣካያዲ ስራሕ ናይ’ቲ ባንክ ኣቶ የሴፍ ተሰፋይ፡ እቲ ባንክ ሞያዊ ዓቕሙን መሳርሒታቱን ብምምዕባል፡ ኑቲ ኣብ ተጠራቓሚ ሕሳብ ጥራይ ተደሪቱ ዝነበረ ንጥፈታቱ፡ ናብ ናይ ሓዋላን ተንቀሳቓሲ ሕሳብን ብምስፋሕ፡ ስሉጥ ኣገልግሎት ንምሃብ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ልዕሊ 50 ሽሕ ተጠቀምቲ ከምዘለውዎም ዝሓበረ ኣቶ የሴፍ፡ ኣገልግሎት ሓዋላ ንምኽፋት ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ዝተኣታተወ ብመርበብ ዝተደገፈ ኣሰራርሓ፡ ኑቲ ብህዝቢ ክቐርብ ዝጸንሐ ጠለብ ብጽፈትን ስሉጥነትን ዝምልስ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ብመንገዲ ባንካዊ ኣሰራርሓ ዝፍጸሙ ትውጊታትን ምስግጋር ሕሳባትን እናወሰኸ ከምዝመጽእ፣ እዚ ድማ መርኣያ ሰረጹ ናይ ዘሎ ንቕሓትን ምትእምማንን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተጠቃምቲ ቸክ ወይ ምስግጋር - ማለት ‘ትራንስፈር’ ኣገዚ ውሑስ ስለዝኾነ፡ ዓማዊል ዚያዳ ክደፍኡሉን ብግቡእ ክጥቀሙሉን ጸዊዑ።

ጨንፈር ንግዳዊ ባንክ ዓዲ-ወግሪ ዝጠዘሉ ዓማዊሉ - ካብ ንኡሳን ዞባታት መንደፈራ፡ ዓዲ-ኳላ፡ ደባርዋ፡ ዓረዛ፡ እምኒ-ሓይሊን ማይ-ምንን እዮም።



## ኣብ ን/ዞባ ከርከበት፡ ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምሕያል ብውህደት ክሰራሕ ተሓቲቱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ከርከበት፡ መስርሕ መምሃርን ምስትምሃርን ንምሕያል፡ ኩሎም መሻርኽቲ ኣካላት፡ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ወለድን መማህራንን ብውህደት ክሰርሑ ተሓቲቶም።

ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ’ቲ ንኡስ ዞባ፡ መምህር ማሕሙድ እድሪስ፡ ዝርጋሐ ኣብያተ-ትምህርቲ እናስፍሐ ይመጽእ ከምዘሎ፡ ተሳታፍነት ተመሃሮ ክብ ንምባልን ሕጽረታት ንምፍታሕን ግዱስ ሓባራዊ ጻዕሪ ከምዘድልዮ ኣዘኻኺሩ።

ዕድመኦም ንትምህርቲ ዝኣኸለ ግን ከኣ ክመሃሩ ዘይጸንሑ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንምጽንባር ብዝተገበረ ጉስጓሳት፡ ዛጊት 20 ሚእታዊት ጥራይ ከም እተመዝገቡን፡ ነቶም ዝተረፉ ንምትብባዕ ይሰራሓሉ ከምዘሎን መምህር ማሕሙድ ኣገንዚቡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ከርከበት ኣቶ ዓብዱልከሪም እድሪስ ነርቲ - ኑቲ መንግስቲ ኣብ ጽላት ትምህርቲ ዝገብሮ ዘሎ ገዚፍ ወፍሪ ብግቡእ ክግልገሉ ብምዝኻኻር፡ ትሑት ዘሎ ተሳታፍነት ንምዕባይ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢን ግብራውያን ዓድን ኣብሪቶም ክሰርሑ ተላብዩ።

ሪፖርታዥ

# ዓለምና እንኮ እያ'ሞ ንዓቅባ!

መርሃዊ ገብረሚካኤል



ኣህጉራዊ መዓልቲ ኣከባ. - 5 ሰነ ንምዝካር፡ "ዓለምና እንኮ እያ'ሞ ንዓቅባ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብ3 ሰነ 2022 ፍሉይ ሱሩ ስርዓት ተኻዪዱ ነይሩ። ኣብ'ቲ ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ዝተወደበ ስነስርዓት፡ ኣወሃሃዲት ቤት ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ሚስ ኣማከብ ሳንደ፡ ወከል ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ሚስተር ጀምስ ወኪያጋ፡ ኣማሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይለን ሓለፍቲ ዝተፈላለያ ትካላትን ከምኡ'ውን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ዕዱማት



ሚስ ኣማከብ ሳንደ

ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ እዮም። ሚኒስተር ተስፋይ ኣብ ዘቕረቦ መግለጺ፡ እዛ 'ዓለምና እንኮ እያ'ሞ ንዓቅባ' ብዝብል ጭርሖ ትዝከር ዘላ 5 ሰነ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ዝርከቡ ሰባት ምስ ድሕነት ኣከባቢኦም ዝዛመዱ ከባቢያዊ ንጥፈታት ብምክያድ፡ ንዓለምና ካብ ዘጋጥማ ዘሎ ኣከባብያዊ መዓት ንምድሓን ዓቕሞም ዘፍቅዶ ጻዕሪ ንኸካይዱ መበገሲ ዝኾነት ዕለት ምዃና ኣገንዚቡ። እዚ፡ ነቲ ብዓለም ደረጃ ህዝባዊ ሰረት ሒዙ እናሰፍሐ ዝመጽእ ዘሎ 'ምድሓን ዓለም' ዝብል ምንቅስቓስ ንምግላጽ ዝዓለመ ከምዝኾነ ድማ ኣረዲኡ። ነዛ ዕለት ኣብ ሃገርና ክንዝክራ እንከለና፡ ነቲ ናብ መላእ ህዝቢ ዓለም ዝቐንዐ ዘሎ ጻውዒትን ምሕጽንታን እወታዊ መልሲ ንምሃብ ምዃኑ ሚኒስተር ተስፋይ ኣዘኻኺሩ። ንሱ ወሲኹ፡ ጠንቂ ናይ ኩሉም ኣብ ኣከባቢ ዝኸሰቱ ቅልውላዋት ኣብ ዘመናዊ ግሎባዊ ስርዓተ-ቑጠባ ዝተኣደቐ ምዃኑ ብምምልካት፡ ባህርያዊ ጸጋታት ምድሪ ንምብሕትና፡ ደቂ-ሰብ ብዘኽተልዎ ዘለዉ ጠገለ ዘይብሉ ኣገባብ፡ ከምኡ'ውን ኣየርን ማይን እናበከሉን ሰማምቲ ጐሓፉት እናኣፍረዩን ባህርያዊ ሚዛን ኣከባ. ከመዛብሉን ንዓለም ክጐድኡን ከም ዝጸንሑ

ዓለምለኻውያን ብምዃኖም፡ ኣህጉራዊ ፍታሕ ከምዝድልዮም ኣገንዚቡ።

ዝ. ብኸሉ መዳያት፡ ኣብ ኣከባ. ክወርድ ዝጸንሐን ዘሎን ዓለማዊ ብከላን ጉድኣትን፡ ነቢ ፍታሕ ንምምጻእ፡ ህሉው ዓቕሚ ዘመናዊ ተክኖሎጂን ፋይናንስን ናይተን ዝማዕበላ ሃገራት ኣኻሊ ከምዝይኮነ እዩ ዝግለጽ። እተን ብዓቕሚ ዝኸኣላን ዝለዓለ ሓላፍነት ንምስካም ታሪኻዊ ሓላፍነትን ሞራላዊ ግዴታን ዘለወንን ምዕቡላት ሃገራት፡ ነቲ ሸግር ንምፍታሕ ክሰብ ሕጂ ዝገበኣ ቅሩብነት ከርእያ ስለ ዘይጸንሓ፡ እቲ ሸግር እናበኣሰ ይመጽእ ከምዘሎ ኣብ'ቲ ዝተኻየደ ኣኼባ ተገሊጹ።

ኣከባቢያዊ ኩነታት፡ ናብ ንብር ክምለሱ ኣብ ዘይክእል ደረጃ ቅድሚ ምብጽሖ፡ ብስሙርን ንቑሕን ዓለማዊ ጻዕሪ ክሰርሓሉ ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ንዓለም ካብዚ ኣትዩዎ ዘሎ ኣሰካፊ ኣከባብያዊ ሽግርን ዕንወትን ንምድሓና ዘሎ ግዜን ዕድልን ኣመና ውሑድ እዩ። እተን ኣብ ምዕናው ኣከባ. ዝያዳ ተሓተትቲ ዝኾና ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት ድማ፡ ኣድላዪ ስጉምቲ ክወስዳ መድረኹ ዝጠልቦ ዘሎ ግዴታዊ ሓላፍነተን እዩ።

ኤርትራ እትርከበን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ድማ፡ ኣብ ምድሓን ኣከባ. ዘይነዓቕ ተራ ስለዘለወን፡ ንዕላማታት ግሎባዊ ኣከባቢያዊ መኸተ ንምዕዋት ጻዕርታተን ክሓይላ ከምዝግብኦ ተገሊጹ። በዚ መሰረት፡ እቲ ከም ህዝብን ሃገርን ክንወፍዮ እንኽእል ዝልዓለ ኣበርክቶ፡ ውሕስነት ኣከባ. ሃገርና ንምዕባይ እነሰላስሎ ንጥፈታት ብኸሉ መዳዩ ክሕይል፡ ኣብ ድሕነትን ውሕስነትን ኣከባቢና ንዝበርሖ ተሳትፎና ብዝበለጸ ከረጋግጽ ይግባእ።

ኣወሃሃዲት ቤት ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ ሚስ ኣማከብ ሳንደ እውን ተሳቲፎም ነይሮም።

ኑ ኣጋጣሚ ኣመልኪቱ ፈለማ ናይ መኽፈቲ ቃል ዘስመዐ ሚኒስተር መሬት፡ ሓቢሩ፡ ናይዚ ዘመን ቀንዲ ኣከባቢያዊ ብድሆታትን ኣብ ኣከባ. ክወርዱ ዝጸንሑ ሓሶያን ድማ፡ ብስፋሓቶም ኮነ ብዐሀሪኦም፡ ሕጹር ዝበለ ቃል ኣሰሚዑ ነይሩ። ንሱ፡ ዓለምና ብሰንኪ ዘይቅርጠው ንጥፈታት ደቂ-ሰብ ናብ ኣሰካፊ ደረጃ ክሊማዊ ለውጥን ኣከባቢያዊ ብከላን ተቓሊዓ ከምዘላ ብምግላጽ፡ ኣህጉራዊ መዓልቲ ኣከባ. ድማ ከም መቐጸልታ ወይ ማጠቃለሲ ናይ'ቲ ሃገራት ንምግታእ ስጉምትታት ክወስዳ ዝጸወዐ ዋዕላ ስቶክሆልም 1972 ምዃኑ ኣረዲኡ፡ ብድሕሪዚ ከኣ ንኣከባ. ዕላማ ዝገበረ ኣህጉራዊ ዋዕላ ንፈለማ ግዜ ብ1974 ከምዝተኻየደ ሓቢሩ።

ብከላ ኣከባ. ዝጠንቁ ዓለማዊ ዋዒ፡ ብቐንዱ ኣብ ጥዕና ሕብረተሰብ፡ ኣብ ህይወታውያን ዘሰዕቦ ዘሎ ጉድኣት ድማ ብሓፈሻ ንምክልኻሉ ሓላፍነት ወሲዱ ኣትሎት ጥራይ ስለዘይኮነ፡ ንውሑስ ህይወት ውሑስ ኣከባ. ንኽፍጠር፡ ማሕበረሰብ ዓለም ሓቢሩ ክሰርሕ ጸዊዑ።


ወከል ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ሚስተር ጀምስ ወኪያጋ እውን፡ "ሎሚ፡ ብኣጋጣሚ'ዛ ዕዙዝቲ ዕለት ኣብ'ዚ ተራኺብና ክንዝክራ ብምኽኣልና፡ መርኣያ'ቲ ኣብ ዓለምና ዘሎና ግዱስ ኣመለኻኽታን ርድኢትን እዩ" ድሕሪ ምባል፡ ንቕሓት መላእ ሕብረተሰብ ዓለም ንምዕባይ ዓመት መጸ ብኣህጉር ደረጃ ዝግበር ኣከባቢያዊ ንጥፈት፡ ክሕይል ኣተሓሳሰበ።

ኣብ ኣከባ. ዝወርድ ዘሎ ዓለማዊ ሓሶያ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምእታውን ቀጠልያ ኣከባ. ንምፍጣርን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንዘኽተሎ ዘሎ ወሀዱ ኣከባቢያዊ ንጥፈታት ኣድናቖቱ ብምግላጽ ከኣ እቲ ጻዕሪ ክቕጽል ኣዘኻኺሩ። ኣብ ኣከባ. ነቢ ፍታሕ ንምምጻእ ከኣ ሃገራት ኣብ ፕላስቲካትን ዝኣቶ ኣከባቢያዊ ለውጢ ቀዳምነት ሂበን ብትግሃት ክሰርሓ ተላቢዑ።

ኣቐድም ኣብሉ፡ ንኣህጉራዊ መዓልቲ ኣከባ. ዝምልከት ዓውደ-መጽናዕቲ ተኻዪዱ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ንኣህጉራዊ መዓልቲ ኣከባ. ዕላማ ገይሩ ብሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ተወዲቡ ዝተኻየደ ኣኼባ ንድሕነት ኣከባ. ዕላማ ዝገበረ ብዝተፈላለዩ ሚኒስትሪታት ዝተሰናሰለ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ብክኢላታት ቀሪቡ ነይሩ። እቲ ዝቐረበ መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ ብዛዕባ ተራ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢን ውሑስ ኣከባቢን፡ ተራ ምግራብን ምሕዛእን ኣብ ምዕቃብ ኣከባ.፣ ኣከባቢን ጥዕናን፡ ተራ ምዕቃብን ድሕነትን ሃብቲ ባሕሪ ኣብ ምውሓስ ኣከባቢን ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢን፡ ተራ ምሕደራ መሬት ኣብ ምርግጋጽ ድሕነት ኣከባ.፣ ተራ ምዕቃብ ማይ ኣብ ምርግጋጽ ድሕነት ኣከባ.፣ ከምኡ'ውን ምሕደራ ጐሓፍ ንውሑስ ኣከባ. ዝምልከት እዩ ነይሩ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ኣብቲ ዝቐረበ መጽናዕታዊ ጽሑፋት፡ ምስ ህሉው ኩነታት እናተኣሳሰሩ ዘድሊ ክትዓት ድሕሪ ምክያድ፡ ብዛዕባ ኣብ መጻኢ ክትግበሩ ተወጢኖም ዘለዉ መደባት ዘትዮም። ብተወሳኺ፡ ንምዕቃብ ኣከባብን ተፈጥሮኣዊ ጸጋታትን ዝሕግዙ ብርክት ዝበሉ ለበዋታትን ርኢይቶታትን



ሚኒስተር ተስፋይ ገብረስላሴ

ብምቕራብ ከኣ ነቲ ናይ ሓደ መዓልቲ ኣኼባ መፈጸምታ ገይሮምሉ።

ምስዚ ኣጋጣሚ ብምትእስሳር፡ ነዛ ዕለት ንምዝካር፡ ካብ 30-31 ግንቦት 2022፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ሚኒስትሪታትን ትካላትን ዝጥርነፉ መንእሰያት፡ ንኣከባ. ዝምልከት ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ኣብ ኣደራሽ ሃብሰኤ ኣካይዶም ነይሮም። ብዘይካዚ፡ ብምኽንያት



ሚስተር ጀምስ ወኪያጋ

5 ሰነ ኣህጉራዊ መዓልቲ ኣከባ፡ ብደረጃ ሃገር እውን ነርቲ ዝተፈላለያ ከተማታትን ከባቢታትን ዝተሳተፍዎ ሰፊሕ ናይ ጽሬት መደብ ብሰንበት 5 ሰነ ተሰላሲሉ እዩ። ነርቲ፡ ብመሰረት'ቲ ዝተዋህቦም መምርሒ፡ ወጋሕታ ተንሲኦም፡ ኣብ ከባ. መንበሪኦም ጐደናታትን ብምውጻእ፡ ዕወት ወፈራዊ ጽርየት ብምክያድ፡ ነቲ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እናሰፍሐ ዝኸይድ ዘሎ ህዝባዊ ምንቅስቓስ 'ምምሓው ኣከባቢያዊ ብድሆ' ደገፎም ገሊጾም፡ ዝኽሪ ኣህጉራዊ መዓልቲ ኣከባ. 5 ሰነ ድማ ብዕዉት ንጥፈታት ተዛዚሙ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247


ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ሓድሽ ዝርጋሐ 'በዲዶ ህበይ' ኣብ ምዕራብ




ኣብዚ ቅንያት እዚ፡ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ክዝረብሉ ዝቐጸ 'በዲዶ ህበይ'፡ ኣሰካፊን ጥንቁቕ ምክትታል ዘድልዮን ተርእዮ ዝዀነ - ካብ ትጽቢት ንላዕሊ ብዝዀነ ፍጥነት ብዝርአዮ ዝርጋሐ እዩ። ከም ኣብ ሕማም ካብ ዝረኣዩሉ ከባቢታት ሓሊፉ፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ምዕራብ፡ ኣስታት 650 ሰባት ለኺፉ ከምዝነሎ ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብ ብዙሓት ሃገራት ብሓንሳእ ክረአ ዝኽእሎ ምኽንያት፡ ከይተፈልጠ ንዝተወሰነ ግዜ ካብ ሰብ ናብ ሰብ እናተሰጋገረ ስለዝጸንሐ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ ሰብመዚ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ይሕብሩ። ሊቃውንቲ ስነ-ፍልጠት ዩኒቨርሲቲ ኢደንበራ፡ ኣብ ሰረታዊ ኣመጻጽኣ ናይ'ቲ ቫይረስ ኣብ ዘካየድዎ መጽናዕቲ፡ ኣብ 2017 ኣብ ሓደት ሃገራት ተራእዩ ካብ ዝበረ ጆር ዝተፋረየ ክኸውን ከምዝኽእል፡ ኣብዚ ቅንያት ኣፍሊጦም ኣለው።

ሎሚ ዘበን ኣብ ኤውሮጳ ተራእዩ ዘሎ ጆር 'በዲዶ ህበይ' ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ሲንጋፖር፡ ናይጀርያን እስራኤልን ተራእዩ ምስ ዝበረ ጆር ሕማም ዝመሳሰል ምዃኑ፡ ኣብ ፖርቱጋል ዝተኻየደ መጽናዕቲ የረድእ።

እዚ ብሓደ ወገን ዝተዋህበ መግለጺ ክኢላታት ክኸውን እንከሎ፡ ካልኦት ከኣ እዚ ሕጂ ኣብ ዓለም ናይ ዝረአ ዘሎ በዲዶ ህበይ ጆር፡ ጌና መበቆሉ ከም ዘይተፈልጠ እዮም ዝገልጹ። ዝርጋሐ ነይ'ቲ ቫይረስ ምክትታልን ጽዑቕ መጽናዕቲ ተገይሩ ንዝርከብ ሓበሬታ ምልውዋጥን፡ ዝሓሸ ውጽኢት ክህብ ከም ዝኽእል ዘረድኡ ክኢላታት፡ ብታህዋኽ ዘወሃብ ርእይቶታት ክሰግ ደረኣዩ።

ንኣስታት 50 ዓመታት፡ ኣብ ኣፍሪቃ ቅልቅል ጥፍእ ክብል ዝጸንሐ ሕማም፡ ሎሚ ብዘገርም ቅልጣፈ - ኣብ 30 ሃገራት ዓለም ብዝነደበት ከመይን ስለምንታይን? ከም እተባጽሐ ሓያሎ ምንጪታት መልሲ ዝጸበዩሉ ዘለዉ ሕቶ ኮይኑ ኣሎ።

'በዲዶ ህበይ' ግቡእ መጸውዒ ስሙ ኣይኮነን ዝብሉ ክኢላታት፡ ኣብ ኣህጉረ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ካልኦት - ከም ጊሐን ስሉሕልሓትን ዝኣመሰሉ ናእሽቱ እንስሳ ዘቦዳም እውን ከም ዝርከብ ይገልጹ።

ኣብ ናይጀርያን ኣብ ማእከላይ ኣፍሪቃን፡ ከም ነባሪ (endemic) ሕማም ህልውናኡ ካብ ቀደም ኣትሐዘ ፍሉጥ ከምዝዀነ ዝገልጹ ክኢላታት፡ ከም ሉባዒ ናይ ምስግጋር ተኽእሎኡ ጸቢብ ኩይኑ ምጽንሑ እዩም ዘረድኡ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዓለም፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓያሎ እዋናት ክረአ እንከሎ፡ ከም ኣሰንባዲ ኩይኑ ቀሪቡ ኣይፈልጥን። ክቶየደሉ ብዝጸንሐ ቅልጡፍ ናይ ምክልኻልን ክንክንን ኣገባባት፡ እቲ ሕማም ቀልጢፉ ይቕህም ነይሩ።

ኣብ'ዚ እዋን ኣሻቓሊ ዝዀነ ምኽንያት እምበኣር፡ ኣብ'ቲ ቀደም ሕጂ ዘይተራእየሉ ቦታታት ከም ነባሪ ሕማም ክይቅጽል ዝብል ስግኣት እዩ። ካብ ሰብ ናብ እንስሳ እንተደኣ ተሰጊጊሩ፡ እቲ ቫይረስ ዝዕቁረሉ ዕድላት ክረክብ ከም ዝኽእል ክኢላታት ይገልጹ።

ንህዝቢ ዓለም ንሓያሎ መዋእል ከሳቒ ዝጸንሐ ሕማም በዲዶ (smallpox) ካብ መወዳእታ 70ታት ንደሓር፡ ኣብ ዓለም ከም ዘይተራእየ እዩ ዝፍለጥ። ውድብ ጥዕና ዓለም ከኣ፡ ኣብ 1980 በዲዶ ካብ ዓለም ምጥፍኡ ሓቢሩ። እቲ ዓለም-ለኻዊ ውድብ ዝፈልጦን - ሓንቲ ኣብ ሩስያ፡ እታ ካልኣይቲ ኸኣ ኣብ ኣመሪካ፡ ኣብ ዝርከባ ክልተ ኣብያተ-ምርምር፡ ንመጽናዕቲ ዝተዓቀረ ቫይረስ በዲዶ ከምዘሎ ይፍለጥ። ኣብ ዓለም ብኣማኢት ዝቖጸር 'ባዮ ላብ' ተባሂሉ ዝፍለጥ - ጀርምታት ዝፋረዩሉን ዝዕቌሩሉን ኣብያተ-ምርምር ከም ዘሎ እዩ ዝግለጽ።

እዚ ሕጂ በዲዶ ህበይ እንብሎ ዘለና ዓይነት ሕማም፡ ምስ'ቲ ዝጸነተ በዲዶ ብምልክታቱን ስምዒታቱን ዝመሳሰል ኣሎዎ። ካብ ፍሮማይ (chickenpox) ብርትዕ ዝበለ ዕንፍሩር ቁርበት ኣሎዎ። ናይ ፍሮማይ ዕንፍሩር ስሕው ዝበለ ክኸውን እንከሎ፡ ናይ በዲዶ ህበይ ጽዕጹዕ ዕንፍሩር ክኸውን ይኽእል።

ኣብ ሃገራት ምዕራብ ዝረአ ዘሎ እምበኣር፡ ናብ እንስሳታት እንድሕር ሰጊሩ፡ ከም'ቲ ናይ ምዕራብ ኣፍሪቃ ኣብ ኤውሮጳን ኣመሪካን እውን ሰራቱ ከይኑብር ዝብል ስክፍታ ኣሎ።

ኣብ ኣህጉይ መጽናዕቲ ዘካየዱ ክኢላታት፡ ኣብ 1958 ኣብ ናይ ዴንማርክ ቤተ-ምርምር በቲ ቫይረስ ዝተለኽፉ ኣህባይ ድሕሪ ምርካቦም፡ እቲ ስም ከምዝለገበ ይገልጹ። ባህርያውያን ተሰከምቲ ናይ'ቲ ቫይረስ ግና፡ ከም ጊሐን ኣናጹን ዝኣመሰሉ ናእሽቱ መጥባውቲ እንስሳታት ከም ዝዀኑ የረድኡ።

እቲ ሕማም ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ሰብ ዝተራእየሉ፡ ኣብ 1970 ኣብ ኮንጎ ኪንሻሳ እዩ። ከም ዕንፍሩር ዝዕንቡብ ቁስሊ ቅድሚ ምውጽኡ፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ረስኒ፡ ምሕባጥ ጽክታት ይፈጥር። ምስ ዝተለኽፈ እንስሳ ዝተተናኸፈ ሰብ ክለግብ ከም ዝኽእልን ዝተለኽፈ ሰብ ናብ ካልእ ሃገር ክገይሽ እንከሎ - ናብ ካልእ ከመሓላልፍ ከም ዝኽእልን እናተፈልጠ፡ ሓሓሊፉ እናተራእየን እናቐሃመን፡ ክሳዕ ሕጂ ምጽንሑ ክኢላታት የረድኡ።

ካብ ኣፍሪቃ ወጻኢ፡ ኣብ 2003 ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዝተራእየ መልክፍቲ በዲዶ ህበይ፡ እቲ ዝሰፍሐ ምንባሩ ጸብጻባት የረድኡ።

## ክኢላታት፡ ጥንቃቐ እምበር ሻቕሎት ከም ዘየድሊ ይገልጹ

ምስ ሕማም 'በዲዶ ህበይ' ዝመሳሰል ምልክታትን ስምዒታትን ዘፈጥሩ፡ ብደረጃ ብርታዐ ዝተፈላለዩ ሕማማት ከም ዝበሩን ከም ዘለዉን ይፍለጥ። ኣብ ዝሓለፉ ዘመናት ኣብ ዝተራእዩ ለበዳታት፡ ፍንጣጣ/በዲዶ (smallpox) እቲ ዝበርትዐ ምንባሩ፡ ኣብ ታሪኽ ይዝከር።

ንሕሙም ናይ ምቕታል ተኽእሎ ኣዝዩ ልዑል ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ኣብ መላእ ኣካላት ዝፈጥሮ ዕንፍሩር ክሳብ ዐረት ዘኸትል እዩ። እቲ ሕሙም ካብ ሞት እንተደኣ ሰሪሩ እውን፡ ንሓዋሩ ዘይጠፍእ ዓሚቕ ከበብቲ በሰላታት ይገድፈሉ።

ኣብ ጥንታዊ ናይ ንግዲ ማስመራት፡ ካብ ሃገር ናብ ሃገር፡ ካብ ኣህጉር ናብ ኣህጉር ኣብ ዝበረ ምንቅስቓሳት፡ ፍንጣጣ እናተሰጋገረ ህዝብታት የጽንት ምንባሩ መዛግብቲ የረድኡ። ኣብ ከባቢ 18 ክፍለ ዘመን ነቲ ሕማም ንምክልኻል የኽእል ዝተባህለ ምስ'ቲ ቫይረስ ናይ ምቅላዕ ብልሓት እናተለምደ መጺኡ። ጆር ኢደዋርድ ዝተባህለ ናይ'ቲ ግዜ እቲ ሓኪም ኣብ ዘካየዶ መጽናዕቲ፡ ብናይ ላም ፍሮማይ (cowpox) ዝተለኽፉ ሓለብቲ፡ ድሕሪ ምሕዋዮን ዳግማይ ብበዲዶ ከም ዘይልከፉ ኣስተብሂሉ።

እቲ ሓኪም፡ ካብ ቁስሊ ናይ'ተን ሓለብቲ ዝተወስደ ፈሳሲ፡ ናብ ሓደ ወዲ ትሸዓተ ዓመት ቆልዓ ወድዮ። ድሕሪ ሓደት ኣዋርሕ ደማ ነቲ ቆልዓ ናብ ናይ በዲዶ ቫይረስ ኣቃሊዕዎ። እቲ ቆልዓ ብበዲዶ ክልከፍ ኣይከኣለን። ኣብ ልዕሊ እቲ ቆልዓ ተደጋገምቲ ፈተነታት ኣካይዱ - እቲ ቆልዓ ግና ነቲ ዝቃልዖ ቫይረስ በዲዶ ይጻወር ነይሩ።

ኢደዋርድ ጆር፡ ኣብ 1801 ንወጽኢት ናይቲ ምርምሩ ብዝምልከት ኣብ ዝጸሓፎ መጽሓፍ፡ 'በዲዶ ካብ ገጽ ምድሪ ክጠፍእ ከም ዝኽእል' እዩ ኣበሲሩ።

ክታበት በዲዶ፡ ካብ ቫይረስ 'ፍሮማይ ላም' ኣብ ቤተ-መርምር ናብ ዝፋረ 'ቫክሲና' ዝተባህለ ቫይረስ ተሰጋጊሩ። ዝኽተብ ሰብ፡ ድኹም ወይ እቲ ሰብ ክጻወሮ ብዝኽእል ዓቕን እቲ ቫይረስ ይውጋእ። ኣካላት ሰብ ደማ ብህርያዊ መከላኸሊ የዳሉ።

ዓለማዊ ውድብ ጥዕና፡ ኣብ 1959 ንሕማም በዲዶ ካብ ዓለም ከጥፍእ መደባት ኣውጺኡ። ክሳዕ 1966 ኣብ ዝበረ ግዜ ብዙሕ ብደሆታት ስለዝበረ ግና፡ እቲ ሕማም ኣብ ዕቑር ቦታታት ዓለም እናተላበዐ ጸገማት ክፈጥር ተራእዩ። ግዳ ኣብ 1977፡ ዓለም ካብ በዲዶ ናጻ ከም ዝወጸት ተሓቢሩ።

ድሕሪ ምጥፋእ እቲ ሕማም፡ እቲ ክታበት ዝህብ ቫይረስ፡ ኣብ ኣብያተ-ምርምር ምዕቋር/ምቕማጥ ኣድላይነት ከምዘይብሉ ተገሊጹ። እቲ ቫይረስ ብዘይካ ኣብ ክልተ ቦታ፡ ኩሉ'ቲ ኣብ ካልእ ዝበረ ከምዝጠፍአ ይግለጽ።

በዲዶ ህበይ ይዝርጋሕ ከምዘሎ ምስ ተቓልሐ፡ ሓያሎ ትካላት መድሃኒት ብዛዕባ ተኽእሎታት ክታበትን ቅልጡፍ ዝርጋሐን፡ ሓበሬታ ክህባ ከም ዝቐነያ ይፍለጥ።

ባቫርያን ኖርዲክ ዝተባህለ ትካል መፍረ መድሃኒት፡ 'ከም ኢጋጣሚ' ምስ ዓበይቲ ክኢላታት ጥዕና - ቅድሚ መንፈቕ ኣብሉ ኣኼባ ኣካይዱ ነይሩ። ቀንዲ ኣርእስቲ ናይ'ቲ ኣኼባ ንክታበት በዲዶ ህበይ ዝምልከት ምንባሩ ምንጪታት የረድኡ። ሻቡ፡ እቲ ሕማም ኣብ ሓያሎ ሃገራት በብቐሩብ ይቀላቐል ከምዘሎ ብምጥቃም፡ ሃገራት ዓለም ክታበት ክኽዝና ከምዝለወን ጸውዒት ምቕራቡ ድማ የረድኡ።

እምበኣርስ፡ ተላጋቢ ሕማም ኣብ ምክልኻል ዝግበር ኩሉ ጥንቃቐታት ኣብ ቦታኡ ኮይኑ፡ ካብ ቁርበት ናብ ቁርበት ዝላገቡ ሕማማት ከመይ ከም ዝመሓላለፉ፡ ካብ ሓኪይም ዝወሃብ ምኽርታት ብጥብቂ ምክትታል ከድሊ እዩ።

ኣብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ 11 ሃገራት ማእከላይን ምዕራብን ኣታ ኣህጉር፡ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ከምዘሎ ዝፍለጥ በዲዶ ህበይ - ከመይ ክጸልወና ይኽእል? ፍሮማይ ዘሕለፈ ሰብ ብበዲዶ ህበይ ክልከፍ ይኽእልዶ? ንዝብሉ ሕቶታት፡ ካብ ክኢላታትና መልሲ ክንረክብ ተስፋ ንገብር።



## ሎሚ ኣብ ERI- TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | TECH IN-SIGHTE |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ገለብ ደሓን |
| 14:20 | ካብ ንኡሳን ዞባታት |
| 15:15 | መደብ ህርመት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ካብ ንኡሳን ዞባታት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም ማጨሎ |

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ስድራ - ቤት - መሰረት ብቑዕን ስልጡንን ዜጋ !



ስድራ ቤት፡ መቐጸልታ ሓረግ ወለዶታት ኮይኑ፡ ብእምነትን ባህልን ሕብረተሰብ ዓቢ ክብሪ ዘለዎ መሰረት መጽኢታዊ ምዕባለ ወዲሰብን ሕብረተሰብን'ዩ። ስድራ ቤት ማለት ኣጦን ኣደን ከምኡ'ውን ፍረ-ኣብራኾም ዝኾኑ ደቆም እትጥርንፍ መሰረታዊት ኣሃዱ ወይ ትካል ሕብረተሰብ ምዃና፡ መጽናዕቲ ሚኒስትሪ ፍትሒ (2011) የረድእ።

ስድራ ቤት ደማ ብመወሰቦ ክልተ ኣንጻራዊ ጾታታት ከምዝምስረት ብዘወሳኺ ይሕብር። ህጻናት ደማ ፍርያት ናይዛ ስድራቤት ኮይኖም፡ እቲ ካብኣ ዝድለ ምሕቡላቶን ምኽሳኩስን ኣብ ደረጃ ምዕባለኦም ወሳኒት ኣለዎ። ኩሎም ኣብኣ ዝውለዱ ህጻናት "ሀ" ኢሎም ቋንቋ፡ ስነ-ምግባር፡ ባህልን ልምድን ሕብረተሰቦም ይመሃሩን ይኸስኩሱን። ብቑዓት ዜጋታት ኮይኖም ንኽርከቡ ከኣ ሕጊ ስድራቤት ተኸቲሎም ክዓብዩ ናይ ግድን ይኸውን።

ስድራ ቤት፡ ህንጸት ሓድሕዳዊ ምምርኻስ ዝርኣየላ ኣዝያ ኣገዳሲት ኣሃዱ እያ። ኣባላት ስድራቤት ብመንጽርዚ ዝተዓደ ሓድሕዳዊ ምምርኻስ፡ እኳም መዓልታዊ ንጥፈታት ብዘዮዮኦን እናተሓላለዩን እናተረዳድኡን የተግብሩ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ነፍሲ-ወከፍ - እንተላይ ህጻናትን ቁልዑን ህርኩትነትን ተገዳስነትን ንኸዎግዕበሉ ኣዝዩ ዘሐድ ተራ ይህልዎ።

ብኽኢላታት ስነ-ሕብረተሰብ፡ ስነ-ጥንቲ፡ መንፈሳውያን መራሕትን ከምኡ'ውን ካልኦት ሞያውያን፡ ትርጉምን መንፈስን ሓዳር ከምኡ ከኣ ኣገዳስነት ሓዳር ብቐጻሊ ክገልጹ ምስፈተኑ እዮም። እንተኾነ ዝተፈላለየ መኣዝናትን ኩርናዓትን እናሓዘ ካብቲ ክኸኖን ዝዋዓብኣን ሓቀኛን ተፈጥሮኣውን ሓድሕዳዊ መንገዱን ኣገባቡን ቁሩብ ወጻኢ ብምህላው፡ ቁልዑ ኣደዳ ዘይተደለየ ዝኸትምና፡ በቲ ካልእ ሸነኹ ድማ ቀጻልነት ወለዶታት ኣብ ሓደጋ ዘእትወሉ ደረጃ ይብጻሕ ኣሎ። እዚ ድማ ቅንዑነቱን ልክዕነቱን ንኽደኒ ጉዳያና፡ ካብ ዝተፈላለየ ስነ-ሓሳባት ዝመንጨወ እዩ።

ንኣብነት፡ ዲሞክራሲያዊ ስነ-ሓሳብ ዝተሰኦ ዝተፈላለየ ፍልቀታዊ ኣምራት፡ ቅድሚ ሕጋዊ ወይ ወግዓዊ መርዓ ምግባርካ፡ ብመልክዕ ምትእኽኻብ ክልተ ኣንጻር ጾታ ብሓንሳብ ምንባር (Cohabitation)፡ ንብር ኣካላዊ ቅርጸን መልክዕን ከይበላሸ ንምሕላው፡ ንዊሕ ግዜያት ብዘይ ወግዓዊ ሓዳር ብስም ዕርክነትን ግዜያዊ ምትሕግጋዝን ምጽናሕ (ብፍላይ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ብብዝሒ ዝኽሰት ጉዳይ'ዩ)፡ መርዓ ተመሳሳሊ ጾታን ካልእን



በጺሖ ብምህላው፡ ብመንጽር ፍርያምነት፡ ቀጻልነት ወለዶታት፡ ባህልን ካልእን ኣሰካፊ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ኣብ ልዕሊ ማሕበረሰብ ዓለም ፈጢርዎ ዘሎ ስክፍታ ኣነኣእሶ ዝርኢ ኣይኮነን።

ፕሮፌሰር ፓፐኖ ኣብ 1993 ከምኡ'ውን ኣብ 1996 ዓ/ም፡ ብዛዕባ ቅርጽን ኣቃውማን ምዕራባዊት ስድራቤት ኣመልኪቱ ተኸታታሊ መጽናዕትታት ኣካይዱ ነይሩ። ኣብ'ቲ ዝተዓደ መጽናዕቲ፡ ምዕራባዊት ስድራቤት ካብ 1960'ታት ጀሚራ ካብቲ ዝነበሮ ህላወ፡ ባህርን ኩነትን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተዳኸመትን እናቁልቁለትን ዳርጋ ናብ ዘይንበር ኩነታት ቀጸሪቡ ምህላዋ ይሕብር። ከም መርኣያ'ዚ ትሑት ንቕሓት ድማ፡ ተርእዮታት ፍትሕ፡ ብወሰን ምውላድ፡ ጥንሲ ትሕቲ-ዕድመ፡ ዓመጽን ገበንን ትሕቲ-ዕድመን ካልእን ብዘይ ቃል-ዓለም ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ክመጽእ ክኢሉ ኣሎ። ከም ኣምሳያኡ ድማ መርዓ፡ መጠን ወሊድን ካልእን ካብቲ ዝነበሮ እናንጎደለ መጺኡ ይርከብ።

እዚም ዓይነት ተርእዮታት ድማ ክትገልጾም ቀሊል ዝመስሉ ዘለው፡ ኣብ ምዕባለ ሕብረተሰብ፡ ቀጻልነት ወለዶታት፡ ማሕበራዊ ጸገማት፡ ዘይንብር በደላትን ካልእን ኣሰዒብዎ ዘሎ ጽልዋታት ግን መዳርግቲ ዝርከቦ ይመስል የለን። ብፍላይ ድማ ኣብ ፍትሕ፡ ዝኸትምና ቁልዑ፡ ጥንሲ ትሕቲ ዕድመ፡ ጾታዊ ዓመጽ፡ ግዙእ ወልፍታትን ካልእን ዝኣመሰሉ ማሕበራዊ ጸገማት፡ ኣብዚ እዋንዚ ንኸሉ ህዝብታት ዓለም ኣብ ኣዝዩ ፈታኒ ጸዕረታትን ብድሆታትን ሸሚምዎ ይርከቡ። እዞም ዘጋጥሙ ማሕበራዊ ጸገማት ንምፍዋስ ዝውሰዱ ዘለዉ ስጉምትታት'ውን ካብ ኣህጉር ናብ ኣህጉር ከምኡ'ውን ካብ ሃገር ናብ ሃገር ኣዝዩ ፍልልይ ኣለዎ።

እዚ ብዝርዝር ዝተገለጸ ጽልዋን ወራርን ምዕራባዊ ዓለም፡ ኣብ ሃገራት ሳልሳይ ዓለም'ውን ኣሕዲርዎ ዘሎ ጽልዋ ቀሊል ኣይኮነን። ብኡ መጠን መሓብሮን ባህሊን ሕብረተሰብ ዋላ'ኳ ዘገምታዊ ይኹን ለውጥታት የርኢ። ምህላው ብዝተፈላለዩ ምንጪታት ሓበሬታታት ይውሃብ ኣሎ። ባህልን መሓብሮን ሕብረተሰብ ኤርትራ'ውን ዋላ'ኳ ኣብ ቀጻሊ ደቂቕን ዓሚቕን መጽናዕትታት ዝሓትት እንተኾነ፡ ካብቲ ዝነበሮ መሰረታዊን መበቆላዊን ትሕዝቶታት ብዙሕ ኣይሃሰሰን ወይ ድማ ኣብ ዝሓሸ ኣንፈት ኣሎ እንተተባህለ ኣይተጋገን። ብልምዲ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ፡ ተርእዮታት ጠንቅታት ማሕበራዊ ፀነወትን ምፍራስን ዘስዕቡ ሕሱራት ተግባራት ምርኣይ ማለት ዳርጋ ከም ትኣምር'ዩ ዝቑጸር። ኣይኮነን'ዶ መሰረት ዓባይን ብቑዕቲን ስድራ ዘቖመት ኪዳን ከተፍርስ፡ ዝተፈጸመ ሕጸ ክይፍንጣሕ ብዓበይቲ ዓዲን ካልእን ዝምልከቶም ኣካላት ሕብረተሰብ ዝተኣደፉ ተረርቲ ጽንዓትን ሕግታትን መምርሒታትን ነይሮምን ኣለዉን። ግብረውነቶም'ውን ኣዝዮም ዕዙዛት ብምዃኖም፡ ናብ ዘይተደልየ ኣንፈታት ከይተጠምዘዙ ከለው፡ ጠንቅታቶም ተለልዮም ኣራሚ ስጉምትታት እናተወሰዱ ብኣጋኡ ይፍወሱ ነይሮምን ኣለዉን። ናይ ብሓቂ ድማ ወጽኢታዊ ካብ ምዃኑ ዝተበገሰ ኣብ ደረጃን ኩነት-መሓብሮን ኣምጺእዎ ዘሎ ለውጥታት እወንታዊ ንክኸውን ኣገዱ ደራኺ ተራን ኣበርክቶን ተጻዊቱን ይጻወትን ኣሎ። ብፍላይ ድማ ቈልዓ ዘይምዝኽታም፡ ረብሓ ቈልዓ ቀዳምነታት ምሃብ፡ ኣብ ልዕሊ ቈልዓ ኣድልዎ ዘይምግባር፡ መሰል ብሂወት ምንባርን ዕብየትን ቈልዓ ምርግጋጽን ካልኦት መሰላትን ዘኽብር ክጥቀስ ይከኣል።

እዚ እናኾነ ግን፡ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ክርኣ ጀሚሩ ዘሎ ተርእዮ፡ ቈልዓ ኣብ መንገዲ ኮነ ጎደና ራሕሪሕካ ምኻድ እዩ። ቀዳሞት ኣቦታትና ኣንጻር'ዚ ርኹስ ስራሕ፡ ቈልዓ ንኸይዝኸትም፡ ብመልክዕን ኣገባብን ወዲ-ጡብ ዘድሊ ኣልያ ብምግባር ብጎበእ ከምዝዕብይ ምግባር እዩ። ወዲ ጡብ ዝብሃል ሓደ ካብቲ ግብረሰናያዊ መሰርሒ ኮይኑ ሓደ ህጻን ኣብ ግዜ ዕሸል ዕድሚኡ፡ ወለዱ ወይ ወላዲቱ ብሞት ምስ ትፍለዮ ወይ ብጡድለት ጥዕና ኣደ ክንክን ክረክብ እንተዘይክኢሉ፡ ጾብ ጡብ ንምርካብ ናብ ካልእ ሰበይቲ ክጽጋዕ ይግበር።

ብዘወሳኺ ሓደ ካብ ጠንቅታት ማሕበራዊ-ምፍርኻሽ ዘስዕብ'ውን፡ ኣብ ዓሌታዊን ሃይማኖታዊን መሰረት ዝነበረ ኣፈላላይ እዩ። ዳርጋ ኣብ ሓያሎ ሳልሳይ ዓለም ብፍላይ ድማ ኣብ ኣፍሪቃ ዝተዓደ ዘሎ ሃይማኖታውን ዓሌታውን መሰረት ዝነበረ ህልቂታት፡ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ዘኸትሎ ዘሎ ሳዕቤናት ቀሊል ኣይኮነን። መሃዝቡቲ ታሪኽ ኤርትራ ምስ እንርኢ፡ ተሓባቢርካን ተሓጋጊዝካን ምንባር ነዊሕ ሰረት ዘለዎን ቀጻልነት ወለዶታት ዘውሓሰን ጥራይ ዘይኮነ ዘጋጥሙ ዝነበሩ ይዕብዩ ይንኣሱ ብድሆታት ንኽፀሚኩ ኣዝዩ ኣድላዪ ባእታ ምንባሩ ብዙሃዳ የጉልሕ። ከም ወጽኢቱ ድማ ክልተ ሃይማኖትን ትሻዓተ ብሄራትን ብዘይ ዝኾነ ጸገም ተኸባቢሮምን ተፋቒሮምን ንኽነብሩ ኣወንታዊ ተራ ነይርዎ።

ሓወይ-ሓው'ኻ፡ ቅድሚ መቐርብካ ምሳኻ ዘሎ ጉረቤትካ፡ ካብ ዝተፈላለየ ኣንፈት ንዝመጸ ጋሻ ምቕባል፡ ዝይብሉ ብንዋይ ኮነ ብሞራል ምድጋፍ፡ ዝተጓዕሱ ኮነ ዝተቐያየሙ ኣሕዋት ወይ'ውን ደቂ-ዓዲ ምዕራቕ፡ ኣብ ሓደጋ ዝኣተወ ሓዳር ምጽጋን፡ ንዝወፈረ ብሰላም ንኽኣቱ ምጽላይ፡ ብሓፈሻ ድማ ማሕበራዊ ፍትሒ ሰረት ዝገበረ ኣተሓባብራ ዝነበሮን ዘሎን ሕብረተሰብ'ዩ ዘለና። እዚ ብሉጽ ክብርታትን መትከላትን ድማ ብቑዕትን ስልጡንትን ስድራ ክትፍጠር ከምኡ'ውን ዝተፈጠረ ስድራ ብዘይ ዝኾነ ተጻብኦ ክትሰርት ሓጊዙ ነይሩን ኣሎን። ቀጻልነቱ ክውሓስን ንዝያዳ ብሉጽነትን ከኣ ብዘይምሕላል ምስራሕ ከድሊ እዩ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ለበዋ ጥራይ ዘይኮነ ምዕባለን ብቕዓትን ስድራ-ቤት ክውሓስ እንተኾይኑ ጸርን ሓላፍነትን ነፍሲ-ወከፍ ኣባላት ስድራቤት ክረጋገጽ ክኽእል ኣለዎ። እንተዘይኮነ ...? ከም መደምደምታ ጽሑፈይ ክትተሓዝ ዝሓለፈ ግዜ ጉዕዘይ ካብ ገዛውትና ከባቢ ኣኽርያ፡ ነተን ዓበይቲ ቋጸራ ከጥሕሎ ዝዘበትኒ ቡቕሊ ሓዘ ንሹቕ እየ ኣቢለ። ነዊሕ ከይከደኹ ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ግን ንኣቓልቦይ ዝስሕብ ደምጺ ሰማዕኩ። ቁጻጽ ኣደን ወድን ነቲ ከባቢ ንውሑድ ግዜ ኣብ ሓደ ትዕዝብቲ ኣእተዎ። እታ ኣደ ኣብ ከብድን ተሰኪሙ ዘቐርጽ ህሞትን ተዋሒጣ ከም ዝነበረት፡ እቲ ጸልሚቱ ዝነበረ ገጻ ጭንቀት ዝዓብለሎ ድምጻ የብርሃልካ፡ "...ሓቅኻ፡ ጸሓይ ቀትርን ሓውን እናተዛረምኩ፡ ንሸኻ ከኣ... ዘምሰኻዮ እናጸልኣኻስ ሕጂ ከኣ ክሳብ ሕጂ ደቂስካ..." እታ ብሉይቱ እንዳ ሰብ ክትሰርሕ ዝርፈደት ኣደ "ኣብ ተኻል ስራሕ ሓዲርካ ምስ ተኻል ቈልዓ" ኮይኑዋ ኣብ ዘይሕሞማ ከይትወድቕ እተደንግጽ ኣደ እያ። ከም ትዕዝብተይን ከም ተመኩሮ ዝጠዘለ ዜጋን፡ እታ ኣደ ከም ገለ ኣደታት ዝጥፍኦ ስራሕ፡ ኣብ ፈቐዶ እንዳ ሰብ ዝዕዩ መጠቃን ዝሕንክር ሕንኩሮን ካልእ ጉልበታዊ ስራሕን እትሰርሕ እያ። እንተኾነ መረረአ ግን፡ ምስ'ቲ ኣብ ክንዲ ስራሑ ተሰኪሙ ዝኾና፡ ክሳብ ዝቖትር ምስ ዓራት ዝተላፈነ እኹል ውላዳዩ ነይሩ። ወዮ ድኣ ኣብ ቅድሚ ስራሕ ኣይትጸናሕን'ዩ እምበር፡ ሃዋሁ እቲ ኩነት ግን እቲ ጉዳይ ክሳብ መዓልብኡ ዝጸሕ ዘጊደፍ ኣይነበረን።

ኣደታት ኣብ ዝተፈላለየ ሕብረተሰብ ዋላ'ኳ ብሰብኡተን ወይ'ውን ብኣቦ ደቀን እንተተበደላ፡ ጸቡቕ ዕድል ኮይኑ፡ በደለን ከይጸብጸባ 'ደኺመ ተሰኪ ሰኣነ' ከይባላ ብዘወፋይነት ቦኛ ደቀንን ሓዳረንን ኣብ ቅድመ ግንባር ሂወት ዝሰለፋ ብዙሓት ኣደታት እየን ዘለዋና። እዚ ከብርሁ ዝተበገሱ ክማስሉ ሰድኒ ስነዓዊ ፊልም፡ ርህራህን ተበፃወቲን ኣደ ብኣንስቲታት ክይተረፈ ዝሰኑ።

ሓዳር ኪኖ ኣእምሮኣዊ ብስለትን ተወፋይነትን ዓቢ መንፈሳውን ሃገራውን ሕድሪ ዘለዎም መድረኽ እምበር፡ ዕድመኻ ስለዝኣኸለ ወይ'ውን ክትምርዖ ስለዘለካ ጥራይ እትኣትዎ ኩነት ወይ ኣጋጣሚ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ሓደራ እምነትን ሕብረተ-ሰብን ተቐቢልካ፡ ባህልን ኣካይዳን ሕብረተሰቦም ኣሰኒቕካ፡ ክብርን ባህልን ሕብረተሰቦም ንውሉድ ወለዶታት ዘውርሱ ኣብነታውያን ውሉድ ምምልማል እዩ።

እንተኾነ፡ ክብሪ ወለድን ትእዛዝ ኣምላኽን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዝኣተወሉ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ህዝባዊ ቦታታት ክብሪ ሰብ ጺጋ ዕድመ ወለዲ ዝጠሓሰሉ፡ መንእሰያት ዝተፈላለየ መዘቓ ዝለዓለ ድምጺ ብምግባርን ስምዑሉይ ብዘስምዕ ኣገባብ ሕፍረት ዋጋ ዘሰኣነትሉ፡ ኣሕዋትና ሕፍረት ረሲዖን ከም ትምኒተንን ድሌታተንን ምዕራባዊ ኣልባሳት ዝርዓግሉ፡ ትርጉም ሕውነትን ቤተ-ዝመድን ብናይ ምዕራባውያን ውልቃውነት ኣተሓሳስባ ዝተዓብለሉ፡ ኮታ ንወርቃዊ ባህልና ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ይቀላቐል ብምህላው፡ ከይሰዐረረን ከም ንብር ከይተወሰደን፡ ወለዲ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ መራኸቢ ብዙሓን ዝምልከቶ ኣካላትን ብሓፈሻ ድማ ኩሉ ዜጋ ሓላፍነቱ ክዋጻእ ይጽንሓልይ ዘይብዝሎ ዕዮ እዩ።

እቲ ምንታይ "ምስ መዕበይኻ ጥፋእ" ዝብል ዓቢ ምስላ ወለድና ከይገጥመና። ኣብ ልዕሊ ደቅና ዝለዓለ ሓላፍነት ተሰኪምና ዘለና ወለዲ እውን ብቐንዱ፡ ደቅና ብዘፈጸምዎ ተግባር ተሓተትቲ ምዃንና ክንዝንግዕ ኣይግባእን።

ጺጋይ መሴ

ኣሃዱ ጉዳይ ሰሽኣ፡ን

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

ሳልሳይ ክፋል

## ንድፊ ህይወት

**“ኣበይ ከም ዘለኻ ክሳብ ዘይፈለጥካ፣ ናበይ ከም እትኸይድ ዘለኻ ክትፈልጥ ኣይትኽእልን ኢኻ።” - በል በርት**

**“እቲ ዝለዓለ ወጽኢት ትምህርቲ፡ ተጻዋርነት ምጥራይ እዩ።” - ሄለን ከለር**

ብዮብእእተነድፈ ህይወት፡ እቲ ስምዒት ዝሁብ ህይወት እዩ። እዚ ህይወት እዚ — ንሸኻ መን ምኳንካ፣ እንታይ ትኣምንን እንታይ ትሰርሕን ከሉ ብሩን እዩ። ብዮብእ እተነድፈ ህይወት ክህልወካ እንተሎ እሞ፡ ሓደ ሰብ፡ “ከመይ ይኸይደልካ ኣሎ?” ኢሉ ምስ ዝሓትተካ፣ ንምኻ ደስ ኢሉ መልሲ ይህልወካ።

ነቲ ሓታቲካ ደሞ ህይወትካ ጸቡቕ ትኸይድ ከም ዘላ ክትዋገር ትኽእል፡፡ ብኸመይን ስለምንታይን ጸቡቕ ትኸይድ ከም ዘላ ኸሞን ክትዋገር ትኽእል ኢኻ።

ብጸቡቕእተነድፈ ህይወት ድንቂ ማህደር (portfolio) ናይ ተመክሮታት፡ ናይ ዕንደራታት፡ ናይ ኣገደስቲ ትምህርቲ ዘቐስሙኻ ፍሽለታት፡ ናይ ሓያላት ዝነብሩኻን ንዮሕ ርእሰኻ ብዘበለጸ ከም እትፈልጣ ዝነብሩኻን ማስበደላት ከምኡውን ናይ ዓወታትን ዕዉታትን እዩ።

ፍሽለታትን ጸገማትን ከኒታትን ኣካል ነፍሲ ወከፍ ህይወት ምኳኖም ክስመረሉ ግድን እዩ — ዋላ እቶም ብዮብእ እተነድፉ ይኾኑ።

ኣብ ንድፊ ህይወት ምስ እትጽመድ እንታይ የጋጥም? ገለ ኣመና ፍሉይ ነገር ከም ዘጋጥም ፍሉጥ እዩ። እቶም ንሸኻ እትደልዮም ነገራት፡ ኣብ ህይወትካ ክትጸብሮም ክጅምሩ እዮም። እቲ እትሓልሞ ስራሕ ማዕጾኡ ጋህ ኣቢሉ ክኸፍተልካ እንተሎ ክትሰምዖ ኢኻ። እቶም ክትረኽቦም እትምነዮም ዝነበርካ ሰባት ኣብ መንገድኻ ጉፍ ክብሉኻ ክጅምሩ እዮም።

ኣብዚ እንታይ እዩ ዘጋጥም ዘሎ? ነቶም ጀመርቲ ሰባት እዚ፡ ነገር ዕድል ጥራይ ኮይኑ ክረኣዮም ይኽእል እዩ። ነቶም ብሉቕ ዝመራመሩ ግዱ ከምኡ ኣይኮነን። እዚ ወጽኢት ህንጡይነትን ንቕሓትን እዩ። ወጽኢት እቶም ሓመሽተ ዝንባለታት ኣእምሮ እዩ።

ብዘውሻኸ፡ መስርሕ ርኽበት ናይ መን ምኳንካን እንታይ ከም እትደልን ፍሉይ ጽልዋ ኣብ ህይወትካ ኣለዎ። ጻዕርን ተግባርን ከም ዘጠቓልል ዋላ ሓንቲ ዘጠራጥር የብሉን። ይኹን እምበር፡ ብዘርርም ኮንት ኩሉ ሰብ ኣብ ምሕጋዝካ ዝተዋፈረ ኮይኑ ክስእብ ዝኸምዎ ኢኻ እትኸውን። ኣብቲ መስርሕ ንቑሕ ብምኳን ኩሉ ኣብቲ ጉዕዞ ማእለያ ዘይብሎም ዘዩሙ ክትረኽብ ኢኻ።

ኣብ ስታንፎርድ ኣብ ልዕሊ ስቱደዮ ዲዛይን “ንሸኻ ኣብዚ ኣለኻ” (You Are Here) ዝብል ጽሑፍ ብደሚቑን ብፍሩይን ተጻሒፉ ደርኹ። ነዛ ምልክት ብዙሓት በላሕቲ ሰባት እያም ዘድንቑዋ። ኣመና ንጹርቲ ምዕዶ ኢያ። ካብዩ መጺእካ፡ ናበይ ክትከይድ ትሓስብ ኣለኻ፡ እንታይ ስራሕ ኒዩሩካ ወይ እንታይ ዓይነት ስራሕ ትምነ . . . ኣገዳሲ ኣይኮነን።

ንሸኻ ምሐር ኣይደንገዮኻ፡ ምሐር እውን ኣይቀልጠፍካ። ንድፋዊ ኣተሓሳስባ፡ ኣብ ዘለኻ ሃሉ መንገድካ ንኽትሃንጽ ኣመና እዩ ዝሕግዘካ። ጸገም ንድፊ ህይወት ዋላ የጋጥምካ፡ ንድፋዊ ኣተሓሳስባ መንገድኻ ንኽተጣጥሕ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

ይኹን እምበር፡ ቅድሚ ናብይ ኣንፈት ክተምርሕ ከም ዘለካ ምስልሳልካ፡ ኣበይ ከም ዘለኻን እንታይ ጸገማት ንድፊ ክትፈትሕ ከም እትፍትን ዘለኻን ወይ ሓድሽ ናይ ቀረባ ሓለፌ ከም እንደሊ ንሓስብ ኢና። የግዳስ፡ ብዙሕ ግዜ ንሕና ኣብ ምንታይ ከም እነድምዕ ዘለናን ኣብ ምንታይ ህይወትና ከም ዝዩሓርናን ናይ ብሉቒ ኣይንፈልጥን ኢና።

መብዝሕትኡ ግዜ ንጸገማትና፡ ከም ተደመሮ ወይ ዝጐደሎ ጸገም ገርዩና ኢና እንኸጥሞ። ንሕና ወይ ገለ ነገር ክንረክብ (ምድማር) ንደሊ ወይ ካብ ገለ ነገር ክንናገፍ (ዝጐደሎ) ንደሊ። ዝበለጸ ስራሕ ክንረክብ ንደሊ፡ ብዙሕ ገንዘብ ክንረክብ ንደሊ፡ ዝያዳ ዓወት ክንሓፍስ ንደሊ፡ ሚዛንና ክንንክኢ ንደሊ፡ ካብ ዓሂና ክንናገፍ ንደሊ፡ ካብ ቃንዛና ክንናገፍ ንደሊ፡ . . .። ወይ ንጹር ዘይኮነ ስምዒት ዘይዕገበት ይሰምዓና ይኸውን፡ ወይ ገለ ዝተፈልየ ነገር ከም ዝድልየና ወይ ገለ ዝያዳ ከም ዝድልየና ይሰምዓና ይኸውን።



ምፍላጥ የድልየካ።

ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ፡ ነደፍቲ ጸገማት ይፈትዉ እዮም። ንሸኻ ኸኣ ከም ነደፍቲ ክትሓስብ እንተኸኢልካ፡ ንጸገማት ብኣዝዩ እተፈልየ ዝንባለ ኣእምሮ ኢኻ እትቐርቦ። ነደፍቲ ቡየም እኪያት ጸገማት ዝብልዎም ይሰክፉ እዮም። እቶም ጸገማት እኪያት ዝተባህሉሉ ምኽንያት፡ ርኽሳት ስለ ዝኾኑ ኣይኮኑን ወይ ብምስረቱ ሕማቓት ስለ ዝኾኑ ኣይኮኑን። እንታይ ደኣ ንምፍትሖም ምሕር ተጻወርቲ ስለ ዝኾኑ እምበር።

ዚ ተኸታታሊ ጽሑፍ እዚ እተንብቦ ዘለኻ ንኹሉ ጸገማት ህይወት መልሲ ስለ ዘለካ ኣይኮንኩን። ኣብቲ ናይ ሕልምኻ ስራሕ ተዋፊርካ ስለ ዘለኻ እውን ኣይኮንኩን። ንህይወትካ ካብቲ እትሓስቦ ንላዕሊ ብዙሕ ትርጉምን ዕግበትን ስለ ዝረኸብካ ከምን ኣይኮነን። ኣብ ገለ ቦታ፡ ኣብ ገለ ሸነኽ ናይ ህይወትካ፡ ተሸኺልካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። እኩይ ጸገም ኣሎ። ኣብኡ ኢኻ እምበኣር፡ ብውዕዉዕ ስምዒት ክትሰርሕ ክትጅምር ዝግበኣካ።

ምእላሽ ጸገም + ምፍታሕ ጸገም = ብዮብእእተነድፈ ህይወት

ኣብ ንድፋዊ ኣተሓሳስባ፡ ንሕና ልክዕ ከምቲ ኣብ ኣፈታትሓ ጸገም እንገብሮ ምጕላሕ፡ ኣብ ምእላሽ ጸገም እውን ነጕልሕ ኢና። ንምኳኑ፡ ኣብ ግጉይ ጸገም ምስራሕ እንታይ እዩ ፋይዳኡ? ንሕና ነዚ እነጕልሓሉ ምኽንያት፡ ግዲ ሓቂ ከሉ ሻብ እቶም ጸገማትና እንታይ ምኳኖም ንምርድኦም ቀሊል ስለ ዘይኮነ እዩ።

እናሓንሳእ ሓድሽ ስራሕ ከም እንደሊ ወይ ሓድሽ ናይ ቀረባ ሓለፌ ...

እናሓንሳእ፡ ንሕና ንጸገምና በቲ ዝሰኣንናዮ ኢና እንገልጾ። ይኹን እምበር፡ ከሉ ሻብ ኣይኮኑን ከምኡ ዝኾውን። እቲ ቀንዲ ቀዋምነት፡

- ንዓኻ ጸገማት ኣለዉኻ።
- ንዓርክኻ ሙሓዛትካ ጸገማት ኣለውዎም።
- ንኹላትና ጸገማት ኣለዉና።

እዞም ጸገማት እናሓንሳእ ምስ ስራሕና፡ እናሓንሳእ ምስ ስድራ ቤትና ወይ ጥዕናና ወይ ፍቕርና ወይ ገንዘብና ወይ ምስ ዝኾኑ ደምር ናይ እዞም ነገራት ዝተኣሳሰሩ ክኾኑ ይኽእሉ። እናሓንሳእ ጸገማትና ዕልቕልቕ ከም ዝበሉ ስለ ዝኾነና፡ ክንፈትሓም ዋላ ፈተነ ኣይንክይድን ኢና። በቃ ምስኦም ተገዚዝና ንነብር — ልክዕ ከምቲ ምስ ሓደ ኣሸጋሪ መጻምድትና፡ ከቦርዮ ምስ ዘይንኽእል እናማረርና ምስኡ እንሕልፎ ህይወት ምኳኑ እዩ።

ጸገማትና ዛንታታትና ይኾኑ። ንሕና ከኣትና ኸኣ ኣብ ዛንታታትና ተሸኺልና ክንነብር ንኽእል ኢና። ጾናይ ጸገም ንምእላይ ክትሰርሕ ከም ዘለካ ምውሳን ሓደ ካብቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ንሸኻ እትወስኖ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ገለ ሰባት ንዓመታት (ወረግ ገለኦምሲ ኣብ መላእ ዕምሮም)፡ ኣብ ግጉይ ጸገም ሓኺት ክብሉ ብዙሕ ዝኸሰሩ ኣለዉ።

ገለ ተማሃሮ ናብ ኮለጅ ዘእቱ ነጥቢ ምስ ረኸቡ፡ እንታይ ዓይነት ትምህርቲ ክጽንዑ ከም ዘለዎም ኣይፈልጡን እዮም። ሓንሳእ ኣብቲ ዘይፈትውዎ ዓይነት ትምህርቲ ምስ ተመዝገቡ፡ ሕጊግ እናበሉ ትምህርቶም ይውድኡ። ትምህርቶም ወዲኦም ኣብቲ ዘይፈትውዎ ሞያ ምስ ተዋፈሩ ኸኣ ክሳብ ዕለተ ሞቶም እናማረሩ ናብ ስራሖም ይወፍሩን ይፍደሱን። እዚ ህይወት ክበሃል ይከኣልዶ ይኸውን?

ነፍሲ ወከፍና ካብ ተመክሮና ተበጊስና ትዕዝብትና ከነቃፍል ንኽእል ኢና። ገለ ሰባት ኣብ ቤት ጽሕፈቶም ምስ ኣተዉ፡ ዝጠዛሓ ግዜኦም ኣብ ግጉይ ጸገም ክሰርሑ ግዜኦም ዘጥፍኡ ኣለዉ። ዕድለኛታት እንተ ደኣ ኾይኖም፡ ቀልጢፎም ንፍሽለቶም ቆብ ብምባል ናብቶም ቅኑዓት ጸገማት ተመሊሶም ክሰርሑ ይጅምሩ ይኾኑ። ገለ ሰባት ኣብ ግጉይ ጸገም ይሰርሑ ከም ዘለዉ ንኽፈልጡ ኣሰርታት ዓሰርተ ዓመት ክወስደሎም ይኽእል። ከም ሳዕቤኑ ዝተረፈ ዕምሮም ብጓሂን ጣዕሳን የሕልፍዎ።

ገሌና ነታ ቀዳመይቲ ሓሳብና (first idea) ነኸስና ምስእ መዋእልና እንቕጽል ኣለና። ኣብ ቀዳመይቲ ሓሳብካ ኣብ ፍቕሪ እንተ ወዲቕካ፡ ቀልጢፉ ዘይክትገድፈካ ትኽእል ትኸውን። ማግዩቲ ምኳና ሕርኽርኽ ክትብለካ እንተ ጀሚራ፡ ዓይንኻ ከይሓሰኻ ከተፋንዋ እዩ ዝጸዓ። ብሰሪ እታ ቀዳመይቲ ሓሳብካ ንኹሎም ሕተታት ናይ ምምላስ ብቕዓት ዘለካ ኮይኑ ክስመዓካ ይኽእል እዩ።

ኣብ ቅኑዕ ጸገም ንሰርሕ ከም ዘለና ንኽንፈልጥ፡ ምስ ጉዳእ ርእስና ክንደይ ግዜ ኒረጋግጽ ንኸውን?

“ንዓይ ዝበለጸ ስራሕ የድልየኒ ኣሎ?” ምባል ነቲ “ኣነ ኣብ ስራሐይ ክሳብ ክንድቲ ሕጉስ ስለ ዘየለኹ፡ ምስ ህጻናት ደቀይ ክኸውን ናብ ገዛይ እንተ ከድኩ ይሕሸኒ።” ንዝብል ጸገም ፍታሕ ክኸውን ኣይኽእልን እዩ።

ኣብ ናይ ብሉቒ ጸቡቕ ጸገም ግን ከኣ ናይ ብሉቒ ቅኑዕ ጸገም ዘይኮነ ካብ ምስራሕ ተጠንቀቕ። እወ ኣብ ናይ ብሉቒ ጸገምካ ዘይኮነ ኣይትስራሕ። ኣብ ቤት ጽሕፈትካ ኳንኻ ነቲ ኣብ ሓዳርካ ዘሎ ጸገም ከዮ ክትፈትሖ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብ ስራሕካ ዘሎ ጸገም እውን ምስታ ሓዳስ ኣፍቃሪትካ ኮፍ ኢልካ ክትፈትሖ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ኣብ ሰልሚ እቲ ጸገማት ስሕበት እንብሎ እውን ክሽመም ንኽእል ኢና።

“ዓቢ ጸገም ኣጋጢሙኒ ኣሎ። እንታይ ከገብር ከም ዘሎኒ ሕርብት ኢለኒ ኣሎ።”

“እዋእ! እንታይ እዩ እቲ ጸገም?”

“ስሕበት መሬት እዩ።”

“ስሕበት መሬት?”

“እወ — ስሕበት ከዕብዶኒ ቀሪቡ ኣሎ! ቀጻሊ ዝረጉድ ዘለኹ ኮይኑ ይስምዓኒ ኣሎ። ንብሽክለታይ ከማን ምዝዋር የጸግመኒ ኣሎ። ፈጺሙ ምንጋፍ ኣብዩኒ። ኣብዚ እንታይ ክገብር ከም ዘለኒ ክፈልጥ ኣይከኣለኩን። ገለ ክትሕግዘኒ ምኽኣልካ?”

እዚ ኣብቲ ናይ ዓያሹ ሰብ ይመስል ይኸውን። ይኹን እምበር፡ ሊቃውንቲ ስነ ልቦና ነዚ ዝመስሉ “ጸገማት ስሕበት መሬት” ዝለዎም ሰባት መጻልታዊ እዮም ዝብሃልዎም።

“ኣብ ባህልና ገጠምቲ ብዙሕ ገንዘብ ኣይረኽቡን እዮም። ክንዲ እቲ ዝዋብኦም ክበሪ ኣይወሃቦምን እዩ። ብዝዕባ እዚ እንታይ ክገብር እኽእል?”

“እዚ ኣነ ዝሰርሓሉ ኩባንያ ብስድራ ቤት ዝውሃብ ኩይኑ ንሓሙሽተ ወለዶታት ዝቐጸለ እዩ። ካብ እታ ስድራ ወጻኢ ዝኾነ ሰብ ኣብቲ ኩባንያ ናብ ፈጻሚ ኣካል ክበቅዕ ዘይሕሰብ እዩ። ኣነ ኣባል እታ ስድራ ስለ ዘይኮንኩ፡ ብዛዕባ እዚ እንታይ ክገብር እኽእል?”

“ኣነ ብዚይ ስራሕ ኣሰታት ሓሙሽተ ዓመታት ኣቑጺረ ኣለኹ። ስራሕ ንኽረክብ ምሕር ኣጸገሙኒ ኣሎ። እዚ ኸኣ ርትዓዊ ኣይኮነን። ብዛዕባ እዚ እንታይ ክገብር እኽእል?”

“ኣነ ናብ ትምህርቲ ዓለም ተመሊሰ ዶክተር ንምኳን ከምዝር እየ ዝደሊ። ይኹን እምበር ብውሕዱ ዓሰርተ ዓመት ክወስደለይ እዩ። ኣብዚ ደረጃ ናይ ዕድመይ ከኣ ክንድኡ ዝኣክል ግዜ ወፍሪ ክገብር ኣይደልን እዩ። ብዛዕባ እዚ እንታይ ክገብር እኽእል?”


እዞም ኩሎም ‘ጸገማት ስሕበት መሬት’ እዮም — ናይ ብሉቒ ጸገማት ኣይኮኑን ማለት እዮም። ስለምንታይ? እቲ ምንታይሲ፡ ኣብ ንድፊ ህይወት፡ ዘኽስስ እንተ ደኣ ዘይኮይኑ፡ ጸገም ኣይኮነን። እዚ ክድገም ዘለዎ ነጥቢ እዩ። እወ ዘኽስስ እንተ ደኣ ዘይኮይኑ፡ ጸገም ኣይኮነን። እዚ ኩነታት ኩይኑ፡ ናይ ህይወት ጭብጢ እዩ። እዚ ምጉታት ክኸውን ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር፡ ልክዕ ከም ስሕበት ክፍታሕ ዝኽእል ጸገም ኣይኮነን።

ኣብዚ እዚ ሐደት ጠጥዕሙ (tidbit) ብዙሕ ግዜ — ኣዋርሕ፡ ዓመታት፡ ዋላ ኸሞን ዕቝዶት ከድሕኖካ ዝኽእል፡ እዚ ምስ ኩነታት ዝተኣሳሰር ክኸውን ኣለዎ። ሰባት ንኹነታት ይቃለስዎ እዮም። ብሽኑ ዘለዎም ዓቕሚ፡ ብኣሰናኝምን ኣጸፋሮምን ይቃለስዎ። ኣብ ዝኾነ ግዜ ምስ ኩነታት ክትቋየቕን ክትቃለሰን እንተለኻ፡ ኩነታት እዩ ኣብ መወዳእታ ዝዕወት። ንኹነታት ክትብልጾ ከዮ ኣይትኽእልን ኢኻ። ንኩነታት ከዮ ክተሸንፎ ኣይትኽእልን ኢኻ። ናብ እቲ ባህግኻ ጸጊካ ከዮ ክተድንኖ ኣይትኽእልን ኢኻ። ፈቲኻ ጸሊእካ ንኹነታት ለሚ ኣይተሕምቖ፡ ንሓዋሩ ኣይተሕምቖ!

**“ገለ ነገራት ኣብ ገለ እዋን ዘጋጥሙ፡ ንቕሑዕ ምኽንያታት እዮም።” - ፖውል ዎከር**

**“ናብ ኣንፈት ሕልምኻ ብርእሰ ተኣማንነት ብምምራሕ፡ ነቲ ኣብ ኣእምሮኻ ዝሰኣልካዮ ህይወት ንበር።” - ሀንሪ ደቪድ ቶሩ**

**ይቕጽል**




# ጓል - ኣንስተይቲ ንበዓል - ቤታ ክትብሎም ዘይብላ ነገራት

ማርታ ክብሮም



ምኽሪ ኣይተብዝሕሉ - ሓልዮት ዘበገሶ እኳ እንተኾነ፡ ሰብኣይ ናቱ ባህርያት ኣለዎ። ምኽርኺ ክትልግሰሉ ዘድልየኪ ዘሎ ምኽንያት፡ ብቐዓት ዝገደሎን ክእለት ዘይብሉን ጌርኪ ተቐርብዮ ዘለኺ ኮይኑ ስለዝርድኦ እዩ። "እዚኣ ብኣይ ኣይተኣማመነን እያ። ስለዚ እውን ኣይትኣምነኒ እያ" ብዝብል ርድኢት ሓጺርን ቁጥዑን መልሲ ክህበኪ ይኽእል። ከም ሰብ ምኽሪ ዘድልዮ እኳ እንተኾነ፡ ብቐጥታ ምኽሪ ምሃቡ ክፍለጥ የብሉን። ካልእ ሜላ ተጠቐምኪ ወይ ጥቡብ ዝመልአ ሜላ ጌርኪ ሓሳብኪ ግለጽሉ።

ቀይቀ ኣወግዲ - እዚ ማለት፡ 'ብሓይሊ ዝበለካ ዘለኹ ስምዓኒ' ወይ እውን 'ፈጽመለይ' ማለት እዩ። እዚ ድማ ሓይሊ ተጠቒምኪ ክትቆጻጸርዮ ከም ዘለኪ ጌሩ ስለዝርድኦ፡ ኣብ ቅድሜኺ ተቐባልነት ከምዘይብሉ ጌሩ ክርድኦ እዩ። ስለዚ፡ ቀየቛ ጸሊኡ ደገ ክወጽእ እዩ። ወላ እውን ናብ ገዛኡ እንተመጸ፡ ዘየርጉእ መንፈስን መኮላሽልን ዘኸውን ውሽጣዊ ዘይቅዱስ ሓይሊን ሒዙ እዩ ክመጽእ።

ዓቕሉ ኣይትጸብቡሉ - ሰብ ከም ምዃኑ መጠን ፍጹም ክኸውን ከምዘይክእል ርዱእ ኮይኑ፡ ንዘሃብክዮ ልኡኽ ኮነ ካልእ ኣገዳሲ ንሓዳርኩም ዝምልከት ዕዮ ምስ ዝርስዖ ወይ ምስ ዘይፍጽሞ፡ ብዞዕባ እቲ ዝገበሮ ጌጋ ደጋጊምኪ ብምዝራብ ዓቕሉ ኣይተጽብብሉ። ኑቲ ዝበዝሕ ግዜ ዝገብሮ ቁም ነገር ግምት ከምዘይሃብክዮን ኣብ ልዕሊኡ ጽልኣት ከምዘለክን፡ ኩሉ ዝገብረልኪ ጽቡቕ ነገር ከምዘረሳዕክዮን ጌሩ ስለዝቖጽሮ፡ ቃላትኪ ተጠንቀቕሎም። ካልኣይ ግዜ ንኽዝክሮምን ክሰርሖን ከኣ ብህድኣት ዕድል ሃብዮ።

ኣይተነጻጽርዮ - ከም ቀልዓ ባህርያቱ ክእርምን እንታይ ክገብር ከምዘለዎን ከምዘይብሉን ከም ቀልዓ ኣይትንገርዮ። ንሱ ካባኺ ዝደልዮ፡ ቡቲ ንሱ ዝገብሮ ነገር ኑቲ ዝገበሮ ነገር ኮትድንቕዮ እዩ። ከምቲ ንሱ ዝደልዮ እንተጌርኪ፡ ኑቲ ንስኺ ትደልዮ ነገር ከምዝገብሮ ኣይትጠራጠሪ።

ሕቶ ኣይተብዝሕሉ - እንታይ ኮይንካ እንዳ እከለ ዘይበጻሕካ? እንታይ ኮይንካ ደንጉኻ? እንታይ ኮይንካ መግቢ ዘይበላዕካን ካልእን ዝብል ሕቶታት ኣዋጢርም ስለዝሕዝዎን ዝመስሎ ክገብር ፍቓድ ከምዘይብሉን፡ ኩሉ ነገር ቡቲ ንስኺ ዝፈቐድክዮ ጥራይ ክኸይድ ከምዘለዎ ጌርኪ ትሕዝዮ ዘለኺ ስለዝመስሎ፡ ኑብሱ ከም እሱር ይርእያ። ስለዚ፡ ነዚ እውን ብዘተኻእለ መጠን ኣወግድዮ ወይ እውን ብጥቡብ ክትገብርዮ ፈትኒ።

ኣይተወዳድርዮ - ከም ዝኾነ ወዲ-ተባዕታይ ክፍጽሞ ዝግባእ ዕማም ንኽፍጽሞ ክተባብዕ እምበር ክወዳደር ከምዘለዎ ኣይትግበሪ። እቲ ንሱ ዝገብሮ ጻዕሪ ምስ ናይ ካልኦት ውጽኢት እናኣማዛዘንኪ ትዛርብዮ እንተኾይንኪ፡ ብቕዓቱ ትፈታተንዮ ስለዘለኺ ግዳይ ርእሱ-ምትሓትን ጎደሎ እምነትን ክኸውን እዩ። ብኣንጻሩ ዝከኣሎ ይገብር ከምዘሎን ኣብ መጉብርኹም ዝነደለ ከምዘየለን ዓወት ናይ ሰራሕ ድማ ውዒሉ ሓዲሩ ዘይተርፍን ቀስ ኢሉ ዝመጽእን ምዃኑን ብዘተፈላለየ መልክዕ ግለጽሉ። ንሱ ብዝገብሮ ዘበለ ሕጉስትን ቅስንትን ምዃንኪ እውን ኣረጋግጽሉ።

ኣቡቲ ብውሑዱ ክጥቀስ ዝከኣል - ክትገብርዮ ዘይብልኪ ነጥብታት እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኮይኑ፡ ክትገብርዮም ዝግባኣኪ መሰረታውያን ነጥብታት ድማ፡ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦ ኣብዚ ክፍለጥ ዝግብኦ ነገር ግን፡ ኣብዚ ጽሑፍ ወጻኢ ባዕልኺ ንሕልናኺ ዘዕግብ ነገራት ክትገብሪ ትኽእሊ ኢኺ።

ጋሻ ተቐበሊ - በዓል-ቤትኪ ጋሻ ሒዙ ዝመጽእ ንዓኺ ኣሚኑ ምዃኑ ኣይትረስዒ። ክነግረኪ ዝግብኦ ረሲዕዎ ደዩ ወይ ከኣ ከይነገረኪ ሃንደበት ኣምጺእዎ ወይ እውን ንኽእ-ርእሱ ሃንደበት ደዩ ኮይንዎ ብዘየገድስ፡ ኣብታ ሰዓት እቲኣ ሕጉስቲ ኮይንክን በታ ዘላትኪ ዓቕሚ ኣከናዊንኪ ኣጋይሽኪ ኣትየም ክሳዕ ዝወጹ ድሙቕ ፍሽኽታኽን ህዱእ ስነ-ምግባርክን ኣርእዮም።

ጽሬት ሰብኣይክን ኑብስኽን ሓልዊ - ጽሬት መለክዒ ሞራላዊ ብቕዓትኪን ስነ-ምግባርክን እዩ። ኩናን ምስ ሓጸብኪ ኩተስተራርዮ እዩ ዘለኪ። ዝተቐደደን ዝተፈትሐን ኩናን፡ ዝተበንጠሰ መልጎም እውን እንተኣጋጢምኪ ሽለል ኢልኪ ኣይትሕለፍዮ። ሰብኣይ ድሕሪ ምምርዓው፡ ረሳሕ ኩናን ወይ ጫማ ጌሩ ምስ ሰብ እንድሕር ተሓዊሱ፡ ሰብ ንዕኡ ዘይኮነ ንሰበይቱ እዩ ዝጸርፍ። ስለዚ፡ ኣብዚ መዳይ ኣዚኺ ጥንቅቕቲ ክትኮኒ ይግባእ። ኣብ ምድቃስኪ፡ ካብ ዝኾነ ኣጉል ጨና (ልኻይ፡ ረሃጽ፡ ትኪ፡ ወዘተ.) ተጠንቀቒ። ንደቕኺ እውን እቲ ቅኑዕ ኣገባብ ጽሬት መሃርዮም። ምኽንያቱ፡ ኣብ ገዛ ካብ ምስ ኣቡኦም ንላዕሊ ዝበዝሐ ግዜ ምሳኺ ስለዘሕልፉ። እቲ ንደቕኺ ትሁብዮም ትምህርቲ ብዘተዛዋዋሪ ሰብኣይኪ ናትኪ ብቕዓት ዘረጋግጸሉ መንገዲ እዩ።

መዓስ ትዛረቢ ፍለጢ - ምስ በዓል ቤትኪ ብዛዕባ ዝኾነ ጉዳይ ክትዛራረቢ ኣብ እትደልየሉ እዋን፡ ግዜ ምረጺ። እናተመገበ ንስራሕ ክኸይድ እናተበገሰ ከሎ፡ ኣብ ቅድሚ ጋሻ ወይ እውን ኣብ ቅድሚ ቆልዑ ኣይትዛረብዮ። ቅድሚ ምዝራብኪ ስምዒቱ ረኣዩዮ። ሃዲኡኪ ድማ ዘረባኺ ጀምሪ።

# ሰባት ካባኺ ዝረሓቑ ኮይኑ ምስ ዝስምዓኪ. . .

ሓደ-ሓደ ሰባት ባህርያትና ሕማቓን ምስ ሰባት ድማ ከቐርበና ዘይክእልን እዩ። ዝ ንርድኦ ሰባት ኣለና። ገሌና ግና ሰባት እንታይ ኮይኖም ካባና ይርሕቑ ኣለዉ ክንርድኦ ኣይንኽእልን። ንለሚ ምስ ሰባት ዘይልግበና ሕማቕ ባህርያትና ኣየናት እዮም? ብኸመይከ ንኣልዮም? ዝብሉ ገለ ነጥብታት ክንጠቅስ ኢና፥

1. ዓብላሊት ምስ እትኾኒ፥ ምስ ሰባት ኣብ እትዛራረብሉ ግዜ ኑቲ ጉዳይ ከመይ ጌርኪ ትሕዝዮ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ብዙሓት ሰባት ኣብ መንጎ 'ዝርርብን' 'ምዝርራብን' ዘሎ ፍልልይ ኣየርድኦምን እዩ። ዝርርብ ማለት፡ ንሰባት ሓሳባቶምን ድሌታቶምን ክገልጹ ዕድል ክንህቦም ከሎና እዩ። ንስኺ ጥራይ ክትቋረጽኪ ምዝራብ ግና፡ ኑቲ ሰብ ካባኺ ክምዝርሕቕ እዩ ዝገብሮ። ንሰባት ክዛረቡ ዕድል ዘይምሃብኪ ምኽንያት፡ እቶም ኣብ ዙርያኺ ዘለዉ ሰባት ንዘወትኪ ትርገም ክህብዎ ኣይክእሉን እዮም ኢልኪ ምሕሳብኪ ወይ ድማ ናይ ሰባት ርእይቶ ክትቕበሊ ድልውቲ ዘይምዃንኪ እዩ ዝርኢ። ስለዚ፡ ሰባት ንኽዛረቡኹን ሓሳቦም ንኽገልጹልክን ዕድል ሃብዮም። ዝ ክትገብሪ ምልምማድ ከድልየኪ እዩ። ዝ ክትገብሪ ዝሕግዘኪ ነገራት ምስ እንርኢ ከኣ፥

• ንብሰኺ ኣብ ቦታ እቲ ዝዛረበኪ ዘሎ ሰብ ኣእትውያ። ኣብ ናቱ ኮይንኪ ንብሰኺ ረኣይያ።

• ምፍራድ ግደፊ ወይ እውን ብየዓት ብዛዕባ እቲ ሰብ ምዝራብ ኣወግዲ።

• ሰባት ክዛረቡ ከለዉ ንስምዒቶም ኣቕልብሉን ቡቲ ንዕኦም ክርድኦም ዝኽእል ቃላት መልስሎምን።

• ክዛረቡ ከለዉ ዓይኒ ዓይኖም ተኸታተልዮም። ትሰምዕዮም ከምዘለኺ ንምርግጋጽ ግብረ-መልሲ ሃብዮም። "እወ"፡ "ቀጽል" ዝብሉ ቃላት ተጠቐሚ።

2. ኩሉ ግዜ መማረሪት ምስ እትኾኒ፥ ኩሉ ግዜ መማረሪት ምስ እትኾኒን መደንገጽ ገጽ ምስ ዝህልወኪን መሓዛኺ ክኸውን ዝምነ ሰብ የለን። ዊንታ ዝተባህለ ምሁር ስነ-ልቦና፡ መማረሪ ሰብ ኑቶም ኣብ ዙርያኡ ዘለዉ ሰባት ዓቢ ብድሆ ከምዝኾኖ ይገልጽ። ዘለናዮ ዘመን፡ ኑብሰኻ ናይ ምፍታውን ኑብሰኻ ናይ ምክንኻንን ግዜ እዩ። ካብ ብዛዕባ ካልኦት ምሕሳብ ምጉዳስ፡ ዚያዳ ንኑብስና ቀዳምነት እንህበሉ ግዜ እዩ። ስለዚ፡ ንመማረርቲን መደንገጽ ክመስሉ ዝደልዩን ሰባት ተወፍዩ ክሕግዝ ዝደሊ ሰብ የለን። ከምዚ ዓይነት ባህሪ እንተሃልዩና፡ እቲ ኣብ ዙርያና ዘሎ ሰብ ባዕሉ ይርሕቀና። ምናልባት "እዚ ክሊማ መቕት ዝበዝሖ እዩ። ጣዕሚ እዚ መግቢ ኣይፈተኽዎን። እዚ ገዛ ኣሰልቻዊ እዩ። . . ." ከምዚ ኢልኪ መማረርታዊ ተማርሪ እንተኾይንኪ፡ መን እዩ እሞ ክቐርበኪን መሓዛኺ ክኸውን ዝምነ።

መፍትሒ ናይዚ ድማ፡ ንነገራት ካብ ብኣሉታዊ ሸነኽም ብኣወንታዊ መዳዮም ክትጥምትዮም ምፍታን እዩ። ኩሉ ግዜ ኣሉታዊ ነገራት ጥራይ ኣይትዛረቢ። ኣብቲ 'ክዛረበሉ ይኽእል እየ' ኢልኪ ዝሓሰብክሉ ግዜ ጥራይ ተዛረቢ። ካብ ብዘይብልኪ ነገራት ተማርሪ ቡቲ ዘለኪ ነገራት ማዕረ ክንደይ ሕጉስቲ ምዃንኪ ተዛረቢ። እዚ ኑቲ ዘለኪ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ክኣልየልኪ ይኽእል።

ኩሉ ሰብ ኑብሱ ዘትሕተሉን ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ጥራይ ኣብ ርእሱ ዝመላለሰሉን ግዜ ኣለዎ። ከምኡ ዓይነት ኣተሓሳስባ ኩሉ ግዜ ትውንን እንተኾይንኪ ግና፡ ኣቡቲ ዘለኽዮ ከውጽኣኪ ዝኽእል ኣካል የለን። ሓደ ሓደ ግዜ መደንገጽት ማሰልና ክንርኣየሉ እንደሊ ምኽንያት፡ መሓዙት እንተኸሰብና ዝብል እዩ። ሰባት ደንገጾም እንተሓገዙና ኢልና እውን ንሓስብ። እዚ ግና ብኣንጻሩ እዩ። ሰባት ክርሕቑና እምበር ክቐርቡና ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ።

3. ሕሞቕት፥ እዚ ሓደ ካብቲ ሰባት ክጸልኡኻ ዝገብር ዓቢ ምኽንያት እዩ። ኣብ ናይ ንእሽቶት ዕድመ ኩሉ ሰብ ሕሞቕት ክሰምዕ ይኽእል እዩ። እቲ ምንታይ፡ ምስጢርን ጉድን ናይ ሰብ ክፈልጥ ስለዝደሊ። እንተኾነ፡ ከምኡ ዓይነት ባህሪ እንተሃልዩኪ፡ ሰባት ክቐርቡኽን ክፈትውኽን ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ጸቢብ እዩ። ትምህርቲ ክንጅምር ከለና፡ ብዛዕባ ምሳና ናይ ዘየሎ ሰብ ኣልዒልና ክንዛረብ ምስ ጀመርና፡ ኣቓልቦ ብዙሓት ሰባት ንስሕብ። እዚ ድማ ብኣወንታዊ መዳይ ስለእንጥምቶ ምሳና ይዓቢ። ምስ ዓበና ሕሞቕት ወይ እውን ብዛዕባ ካልኦት ሰባት ምዝራብ ከም መደልደሊ ዝምድናና ምስ ካልኦት ሰባት ጌርና ንወስዶ። እቲ ጌጋ ኣብዚ እዩ ዘሎ። መብዛሕትና እዚ ባህርይ ከም ጽቡቕ ኺ ጌርና ስለንወስዶ፡ ክንቕይሮ ኣይንፍትንን ኢና። ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ ካልኦት ሰባት ዘምጽኦ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከየስተውዓልናሉ ንቕጽሎ። ኣቡቲ ከመዝከሉ እንኽእል ዕድመ ምስ በጻሕና ግና፡ ሰባት እዚ ባህርያት ማዕረ ክንደይ ሓደገኛን ኣዕናውን ምዃኑ ስለዝርድኡ፡ ክርሕቑና ይግደዱ። ስለዚ፡ ኣብ እተዕልልሉ ግዜ ብዝተኻእለ ማጠን ስም ካልእ ሰብ ከይረቋሕኪ ከተዕልሊ ፈትኒ።

4. ኣብ ሰባት ተጉዳሽት ምስ ዘይልወኪ፥ ንኩላትና ብማዕረ ዝተዋህበና 24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ኣለዋና። ነዘን ሰዓታት እዚኣተን ብዛዕባ ኑብስኺ ኣብ ምሕሳብ ጥራይ ተጥፍእየን እንተኾይንኪ፡ ኣየናይ ሰብ እዩ እሞ ክቀርበኪ? ስለዚ፡ ገለ ካብ ግዜኺ ምስ ሰባት ትራኸብሉን ኣብ ልዕለኦም ተጉዳሽት ከምዝለኪ እተርእየሉን ግዜ ክህልወኪ ዝበለጸ እዩ። እቲ ምንታይ፡ ካብ ሰብ ተፈሊኻ በይንኻ እትገዓዞ ጉዕዞ ኣድካሚ፡ ኣሰልቻውን ሃዊሕን ስለዝኾነ። ወይ እውን ብዛዕባ ካልኦት ሰባት እንከለ ዘይብልኪ ኣብ ጥቕምኺ ጥራይ ትቕርብዮም እንተኾይንኪ፡ ሰብ ክቐርበኪ ኣይክእልን እዩ።



# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ermileul@gmail.com

## ናትናኤል ደረጃኡ ዓቒቡ



ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ድሮን ሆፐር ኣንድሮኒ ጂያካቶሊ ናትናኤል ተስፋጽዮን፡ ትማሊ ኣብ ዝተሰላሰለ ራብዓይ መድረኽ ውድድር ብሽክለታ ኣንድሪያቲካ ኣየኒካ - ኢጣልያ - ሻሙናይ ተርታ ብምሓዙ ኣቐዲሙ ንዝሓዞ ናይ ውህሉል ግዜ ካልኣይ ደረጃ ዓቂቡ።

ኣብቲ ዓቐብ ዝዓብለሎ ናይ 164.5 ኪሎሜተር መድረኽ፡ ናትናኤል ካብ ዕዉት ናይቲ መድረኽ ኢጣልያዊ ሉካ ሪካርዶ፡ ብደቒቕን 10 ካልኢትን ድሒሩ እዩ ሻሙናይ ተርታ ሒዙ።

ኣብ ቅልስ ብጫ ማልያ፡ ናትናኤል ንመራሒ ፊሊፖ ዛና ብ15 ካልኢት ተፈንቲቱ ይስዕቦ።

ሓሙሻይን መዛዘሚን መድረኽ ውድድር ኣድሪያቲካ ኣየኒካ፡ ሎሚ ብናይ 152.3 ኪሎሜተር ውድድር ክዛዘም እዩ። እዚ መድረኽ'ዚ ኣራእር ዘጠቓልል ብምዃኑ፡ ንሓኾርቲ ተቐዳደምቲ ምቹእ ምዃኑ ሓያለ ተንተንቲ የረድኡ።

## ሰንጥቕ፡ ኣንጸባረቕ!

ውድድር ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ትማሊ ቀዳምን ሰንበትን ኣብ ሜዳ ቦቺዮፊላ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ሰንጥቕ ብኽልቲኡ ጾታ ኣንጸባራቒ ዓወት ብምምዝጋብ ኣርእስቲ ሰሪሓ።

ብቐዳም ኣብ ዝተኻየደ ግጥም፡ ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ ሰንጥቕን መኽተን እየን ኣብ ሜዳ ተራኺበን።



ብምኩራትን ገዳይምን ተጻወትቲ ዝቐመት ሰንጥቕ፡ ኣብዛ ጸወታ ዓብሊላን ተወሃሂዳን ብምቕራብ ኣከታቲላ 25ብ19፡ 25ብ15 ከምኡ ድማ 25ብ23 ብምስዓር፡ ፈላሚ ድሙቕ ዓወት ከተመዝግብ በቒዓ።

ኣብ ካልእ ጸወታታት ናይቲ ዕለት፡ እታ ብዘይተሰዓርነት ክትግስግስ ዝጸንሐት ዓምበርበብ እያ - ምስ መኽተ ግጥም ኣካይዳ። ዓምበርበብ ድማ ናይ ዓወት ጉዕዞኣ ብምቕጻል ኣብ ልዕሊ መጋጥምታ ናይ 3ብ0 ዓወት ኣመዝጊባ።

ብሰንበት ካብ ዝተኻየደ ግጥማት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሰንጥቕን ሳዋን እየን ግጥመን ኣሰላሲለን። ኣብዛ ጸወታ እውን ተጻወትቲ ሰንጥቕ ኣይተኻእላን። ኣብ ልዕሊ መጋጥምተን ሳዋ 25ብ21 25ብ18 25ብ21 ብምስዓር 3ብ0 ተዓዊተን።

ንዓአን ሰዒበን ግጥማተን ዘሰላሰላ ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ ንስርን ኢራብን እየን ነይረን። እዘን ክልተ ጋንታታት፡ ምኩራትን ሓያላትን ተጻወትቲ ዝሓቖፋ ምስ ምዃነን ብኣጋኡ ኣቓልቦ ተዓዚብቲ ክረኽባ ክኢለን እየን።

ጸወታ ድሕሪ ምጅማሩ፡ ኣብ ፈላመይቲ ሰት ኢራብ ብመንገዲ ቆማት ተጻዋታያ ስምኦን ሃብተማርያም መጥቃዕጥታት ብምውሓዙ፡ ብገፊሕ ውጽኢት 25ብ8 ስዒራ። ኣብ ዝሰዓበት ሰት፡ ንስራውያን ንሃጓፋቶም ሽፈኖም ተወሃሂዶም እኳ እንተቐረቡ፡ ተጻወትቲ ኢራብ ግና፡ ኣብ ምጥቃዕን ካብ ንስራውያን ይመጽኣ ንዝነበራ ተረርቲ ኮዓሳሱ ኣብ ምክልኻልን ብዘርኣይዎ ዝኣድ ጸወታ፡ 25ብ22 ክዛዘምዋ ክኢሎም። እዛ ሰት ድማ ንጸወታ መሊሳ ረስኒ ዝፈጠረት ኮይና ቀረበት።

ኢራብ ነታ ብደገፍታ ማሚቛ ዝቐረበት ገዲም ጋንታ ንስሪ፡ ኣብ ዝሰዓበት ሰት እውን ኣየናሕሰየትላን። 25ብ15 ብምስዓር ናይ 3ብ0 ዓወት ብምምዝጋብ ሳልሳይ ዓወታ ክተስተማቕር በቒዓ።

## ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ን/ዞባ ደ/ምብራቕ ንተመሃሮ ኣተባቢዑ

ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ፡ ኣብ ኣካዳምን ስፖርትን ንዝተዓወቱ ተመሃሮ ኣተባቢዑ።

ኣብቲ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ባህልን ስፖርትን ናይቲ ንኡስ ዞባ መምህር ሳምሶን መሓሪ፡ እቲ ዝተረኽበ ውጽኢት ብሳላ ተሳታፍነት መማህራን፡ ወለዲ፡ መሻርኽቲ ኣካላትን ምዃኑ ብምሕባር፡ ናይ'ቲ ውድድራት ኣወንታውን ኣሉታውን ጎድንታት ሓደ ብሓደ ገሊጹ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ሓላፊ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ መምህር ኣብርሃለይ ኣረፋይነ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብቲ ውድድር እጃሞም ንዘበርከቱ መማህራንን ወለዲ ተመሃሮን ድሕሪ ምምስጋን፡ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ብጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ንሓምሻይ ግዚኣ ንብለል ክትትከውን ብምብቕዓ 'የሃና!' ኢሉ።

እቲ ሽልማት ናይ ምዕዳል ስነ-ስርዓት፡ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታን፡ ካብ ነፍስ-ወከፍ ቤት-ትምህርቲ ዝተዋጽኡ ተመሃሮን ብዘቕረብዎ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኣታት ደሚቑ ነይሩ።



## ሚልነር ውዕሉ ኣናዊሑ

### * ሳላሕ፡ ሕክምና 'ተሓሲሙ'

ምክትል ሓለቓ ጋንታ ክለብ ሊቨርፑል ጀምስ ሚልነር፡ ንተወሳኺ ሓደ ዓመት ኣብ ሜዳ ኣንፊልድ ዘጽንሕ ውዕል ምኽታሙ ቢቢሲ ትማሊ ሓቢራ።

እዚ ናይ ቀድም ኣከፋፋሊ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ፡ ኣብ 2015 እዩ ብናጻ ናይ ምስግጋር ምስርሒ፡ ካብ ማን ሲቲ ናብ ሊቨርፑል ተሰጋጊሩ። በዚ ሓድሽ ውዕል ድማ፡ ሚልነር ንሻሙናይ ዓመት ስፖርት ምስ ሊቨርፑል ክጻወት እዩ። ኣብ ትሕቲ ኣሰልጣኒ ብረንዳን ሮጀርስ ጽቡቕ ተሰማዕነት ዘነበሮ እዚ ወዲ 26 ዓመት ተጻዋታይ፡ ዛጊት፡ 289 ግዜ ማልያ ሊቨርፑል ብምውዳይ ተሰሊፉ። ንዋንጫ ፕሪመር ሊግ፡ ሻምፕዮንስ ሊግን ብምድማር ድማ ሽዱሽተ ዓበይቲ ዓወታት ምስ ሊቨርፑል ክጽምብል በቒዑ እዩ።

ሓያለ መራኽቢ ብዙሃን፡ ሚልነር ብኽልተ እንግሊዛውያን ክለባት ከምኡ እውን ሓንቲ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ወጻኢ ብዝኾነት ክለብ ክህደን እኳ እንተጸንሐ፡ ኣብ መወዳእታ ግና ኣብ ሊቨርፑል ክጸንሕ ምውሳኑ ንሓያለ ተንተንቲ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ከምዘገረመ ይሕብራ። ምስ ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል የርገን ክሎፕ ጽቡቕ ርክብ ከምዘለዎ ዝንገረሉ ሚልነር፡ ኣብ እዋን ልምምድ እውን ኣብ ምእላይ እታ ጋንታ (ከም ገዲም ተጻዋታይ) ከምዝተሓጋገዞ እተን ምንጭታት ይውስኻ።

ኣብ ሕዳር 2002 ፈላሚ ናይ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ጸወታኡ ምስ ክለብ ሊድስ ዩናይትድ ዘሰላሰለ ሚልነር፡ ኣብቲ ሊቨርፑል ብሓንቲ ነጥቢ ብማን ሲቲ ዝተበለጸትሉ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ፡ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ኣብ 24 ጸወታታት ተሰሊፉ።

ኣብ ካልእ ዜና ክለብ ሊቨርፑል፡ ምስራዊ ኣጥቃዒ መሓመድ ሳላሕ፡ ክለቡ ንዘቕረበትሉ ተወሳኺ ናይ ሕክምና መርመራ ጻውዒት ብምንጻግ፡ ምስ ሃገራዊት ጋንታኡ ክጸንሕ ምውሳኑ ተገሊጹ።

ኣብ ውድድር መጻረዪ ንዋንጫ ኣፍሪቃ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ምስሪ ተጠርኒፉ ዝርከብ ሳላሕ፡ ሃገሩ ንጊኒ 1ብ0 ኣብ ዝሰዓረትሉ ናይ ትማሊ ሰንበት ጸወታ፡ ብመዝነት ሓለቓ ጋንታ ናብ ሜዳ ወሪዱ ምንባሩ ይፍለጥ። እንተኾነ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ ዝነበረሉ እዋን (ኣብ ግጥም ፍጻመ ኤፍ ኤ ካፕ) ማህሰይቲ ከምዝገጠሞን፡ ነዚ ንምፍዋስ ኸኣ ተወሳኺ ናይ ራጂ መርመራ ከምዘድልዮን ክለቡ ክትሕብር ጸኒሓ እያ። እንተኾነ ሳላሕ፡ ነቲ ጻውዒት ብምንጻግ ናብ ካይሮ እዩ ኣምሪሑ።

ሳላሕ፡ ጽባሕ፡ ምስሪ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ማላዊ ንዘህልዋ ግጥም መጻረዪ ናይ ምድብ ጸወታታት ዋንጫ ኣፍሪቃ፡ ድልዊ ምህላዉ ይሕብር። ብተወሳኺ፡ ዝመጽእ ሰሉስ እውን ኣንጻር ደቡብ ኮርያ ንዘህልዋ ግጥም ምሕዝነት፡ ሱታፌኡ ብኣጋኡ ምርግጋጹ ጋዜጣታት ምስሪ የረድኣ።

ኣብ ሰነ 2023 ምስ ሊቨርፑል ዘለዎ ውዕል ዘብቅዕ መሓመድ ሳላሕ፡ ኣብ ዓመተ ስፖርት 2021/'22 ብዘመዝገቦ ብዝሒ ሸቶታት፡ ተሸላሚ ወርቂ ጫማ ክኸውን በቒዑ እዩ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ተጻወትቲ ክሪስታል ፓላስ ጀምስ ማክኣርተርን ጀምስ ቶምኪንስን ኣብታ ክለብ ንተወሳኺ ሓደ ዓመት ዘጽንሖም ውዕል ኩቲሞም። ክልቲኦም ተጻወትቲ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት'ዩ ምስ ክለቦም ዘነበሮም ውዕል ኣብቂዑ።

ስኮትላንዳዊ ኣከፋፋሊ ማክኣርተር፡ ኣብ 2014 እዩ ብ7 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ክለብ ዊጋን ናብ ፓላስ ተሰጋጊሩ። 249 ጸወታታት ዘካየደ እዚ ስኮትላንዳዊ፡ 19 ሸቶታት እውን ብስሙ ኣመዝጊቡ እዩ። ወዲ 33 ዓመት ቶምኪንስ ድማ ኣብ 2016፡ ካብ ዌስት ሃም ብ10 ሚልዮን ፓውንድ ዝተሰጋገረ ኮይኑ፡ 124 ጸወታታት ተሰሊፉ ኣሎ።

## መደብ ጸወታ

ሎሚ
በልጁም - ፖላንድ 9፡45
ዌልስ - ሆላንድ 9፡45
ኣየርላንድ - ዩክሬን 9፡45
ስኮትላንድ - ኣርሜንያ 9፡45

## መኣረምታ

ኣብ ናይ ትማሊ ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ስፖርት፡ 'ውድድር ባድሚንተን ተዛዚሙ' ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ዝሰፈረ ጽሑፍ፡ 'ውድድር ቦውሊን' ምንባሩን፡ ባድሚንተን ዝብል ብቦውሊን ተኣሪሙ ክንብብዎ ምስናይ ይቕሬታኡ ንሕብር።

## እንታይ ከ ይስማዕ ኣሎ?

\+ ምስራዊ ኣጥቃዒ ክለብ ሊቨርፑል መሓመድ ሳላሕ፡ ካብ ባርሴሎና ንዝቐረበሉ ጻውዒት ምንጻጉ ይንገር ኣሎ። እዚ ወዲ 29 ዓመት ኣጥቃዒ፡ ኣብ ኣንፊልድ ንተወሰኽቲ ዓመታታት ናይ ምጽናሕ ባህጊ ከምዘለዎ ምግላጹ፡ ሚረር ዝተባህለት ጋዜጣ ሓቢራ።

\+ ሪያል ማድሪድ፡ ንተጻዋታይ ማን ሲቲ ጋብሪኤል ጂሰስ ናብ ሜዳ በርናቡ 'ብምጭዋይ' ክተፈርሞ ከምእትኽእል ተሓቢሩ። እዚ ብራዚላዊ ተጻዋታይ፡ ብኣርሰናል ተደጋጋሚ ዝኾነ ጻውዒት ከምዝቐረበሉ ይግለጽ። ብተወሳኺ እውን፡ ኣብ ራዳር ክለብ ኣትለቲኮ ማድሪድ ምስ ምእታዉ፡ ሪያል ማድሪድ ብማን ሲቲ ሰፍ ዘይብል መጠን ገንዘብ ክትሕተት ከምእትኽእል ይግመት። ምንጪ - ደይሊ መይል

\+ ቶተንሃም፡ ንጋረዝ በይል ንሳልሳይ ግዚኣ ክተፈርሞ ውጥን ከምዘይብላ ኣፍሊጣ። ምንጪ - ቴለግራፍ

\+ ሰኔጋላዊ ኣጥቃዒ ክለብ ሊቨርፑል - ሳድዮ ማነ፡ ኣብ ዓይኒ ባየር ሙኒክ ምእታዉ ይንገር ኣሎ። እዚ ተጻዋታይ እንተደኣ ናብ ሙኒክ ኣቕኒዑ፡ ንመንበሪ ቤት ትያጎ ኣልካንትራ ክዕድግ ከምዝኽእል ይግመት። ምንጪ - ደይሊ መይል

\+ ቸልሲ፡ ንሆላንዳዊ ተኸላኻሊ ክለብ ጁቬንቱስ ዲ ላይት ንምዕዳግ ውጥን ከምዘለዋ ተሓቢሩ። ኣሰልጣኒ ክለብ ቸልሲ - ቶማስ ቱሄል፡ ኣብ መስመር ምክልኻል ክለቡ ንወዲ 23 ዓመት ተጻዋታይ ክለብ ሰቪያ ኮንደ ምዕዳግ፡ ቀዳማይ መደቡ ምዃኑ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ተዛሪቡ ነይሩ።

\+ ኮኾብ ተጻዋታይ ክለብ ባየር ሙኒክ ሮበርት ለዋንዶውስኪ፡ ኣብ ሙኒክ ናይ ምጽንሑ ተኽእሎ ኣዝዩ ጸቢብ ምዃኑ ተገሊጹ። እዚ ኣብ ራዳር ክለብ ባርሴሎና ኣትዩ ዝርከብ ተጻዋታይ፡ ትማሊ ምስ መራኽቢ ብዙሃን ኣብ ዘካየዶ ሓጺር ቃል-መሕትት፡ "ባየር ሙኒክ ኩተማልኦ ዝግብኣ ነገር ኣሎ። ንባህገይ ክትሰምዕ ኣለዋ" ኩብል ተዛሪቡ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ዕጡቓት 18 ሰላማውያን ሰባት ቀቲሎም

ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ደሞክራሳዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ዕጡቓት ጉጅለታት ብዘኽፈትዎ ተኹሲ፡ 18 ሰላማውያን ሰባት ከም ዝሞቱ ካብታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ካብቲ ብዛዕባ መንነት ናይቶም መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ ሰባት ዝተፈልጠ ነገር ከም ዘየለ ዝሓበሩ ሰበስልጣን እታ ሃገር፡ ኣባላት ናይቲ ኣብቲ ከባቢ ዕስኩሩ ዘሎ ብ'ኤይዲኤፍ' ዝፍለጥ ጉጅለ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ግምታቶም ሂቦም ኣለዉ።

ብተወሳኺ፡ እቶም ዕጡቓት መንበሪ ኣባይቲ ናይቶም ኣብቲ ከባቢ ዝቕመጡ ዜጋታት እውን ብሓዊ ከም ዘንደዱ ኣብቲ ከባቢ ዝመደበሮም ሰራሕተኛታት ዘይመንግስታውያን ውድባት ገሊጾም።



ጉጅለ 'ኢዲኤፍ' ብ1995 ኣብ ኡጋንዳ ዝተመስረተ ኮይኑ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ደሞክራሳዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ናይ ጸጥታ ሸግር ፈጢሩ ምህላዉ ይጥቀስ።

እቲ ኣብ 2019 ምስ ጉጅለ ዳዕሽ ጸግዒ ከም ዝሃዘ ዝኣወጀ ጉጅለ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዓመት ጥራሕ ኣስታት 1300 ሰላማውያን ሰባት ከም ዝቐተለ መንግስቲ ይኸስስ።

ኡጋንዳ ብወገና፡ ኣንጻር እቲ ጉጅለ ዝንቀሳቐሱ ኣስታት 1700 ሰራዊት ናብቲ ዞባ ኣኽቲታ ትርከብ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ምብራቓዊ ወገን ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ብቶም ሽበራዊ ንጥፈታት ዘካይዱ ዕጡቓት ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ የጋጥሞ ከም ዘሎ ጸብጻብት ናይቲ ከባቢ የረድኡ።

## ባንግላዲሽ - ባርዕ ህይወት 10'ታት ሰባት ኣጥፊኡ



ኣብ ባንግላደሽ፡ ኣብ ኮንቴነራት ተኸሲቱ ዝቐጸለ ባርዕ ሓዊ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከም ዝኣተወ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ኣቃሊሐን።

እቲ ቅድሚ ሰለስተ መዓልታት ዝተኸስተን ንምቁጽጻሩ ኣጸገሙ ዝጸንሐን ባርዕ ሓዊ፡ ብውሕዱ ህይወት 41 ሰባት ከም ዝሃለቐ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ብተወሳኺ፡ በቲ ሓደጋ ኣስታት 200 ሰባት ከም ዝቖሰሉን ህጹጽ ሕክምናዊ ረዲኤት ናብ ሕክምና ተላኢኾም ከም ዘለዉን ክፍለጥ እንከሎ፡ ካልኦት ብዙሓት'ውን ካብቲ ደዓዎም ከም ዝይተረኸቡ እዩ ዝሕበር።

ጠንቂ ናይቲ ባርዕ ከም ዝይተነጸረ ዝጠቐሱ ሰበስልጣን እታ ሃገር፡ ኣብ ሓንቲ ካብተን ኮንተይነራት ተጸዒኑ ዝነበረ "ሃይድሮጅን ፐርኦክሳይድ" ዝተባህለ ተባራዒ ኬሚካል ብምንባሩ፡ ጠንቂ ክኸውን ከም ዝኽእል ግምታቶም ሂቦም ኣለዉ።

ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ እቲ ዘድሊ ማምረሒታት ብግቡእ ብዘይምጥቃሞም እቲ ሓዊ ከም ዝበኣሰ እቶም ሰበስልጣን ወሲኾም። ብተወሳኺ፡ 9 ካብቶም ግዳያት ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ ምዃኖም ተሓቢሩ ኣሎ።

ዕቱብ ፖሊሲ ምክልኻል ባርዕ ከም ዘይትኽተል ኣብ ዝነገረላ ባንግላደሽ፡ ኣብ 2012 ኣብ ፋብሪካ ዓለባ ብዘተኸስተ ተመሳሳሊ ባርዕ፡ 112 ሰባት ከም ዝሞቱ ጸብጻባት የዘኻኽሩ።

## ሪፓብሊክ ደሞኒካ - ሓደ ሚኒስተር ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ተቐቲሉ

ሚኒስተር ኣከባብን ባህርያዊ ሃብትን ሪፓብሊክ ደሞኒካ - ኦርላንዶ ጆርጅ፡ ኣብ ውሽጢ ቤት-ጽሕፈቱ ከም እተቐትለ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣቃሊሐን።

እቲ ወዲ 55 ዓመት ዝኾነ በዓል-ስልጣን፡ ኣብ ቦታ ስራሑ እንከሎ ብዘተፈጸሞ መጥቃዕቲ ብረት እዩ ተቐቲሉ።



ነቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸመ ጥርጡር ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝረኸቡ ዝሓበሩ ኣባላት ፖሊስ እታ ሃገር፡ እቲ ጥርጡር ምስቲ በዓል-መዚ ካብ ግዜ ንእስነቶም ጀሚሩ ጥቡቕ ርክብ ከም ዝነበሮም ገሊጾም።

እንተኾነ፡ ነቲ ቅትለት ዝደረኸ ምኽንያት ንጹር ከም ዘይኮነ ዝሓበሩ ምንጭታት ፖሊስ ሪፓብሊክ ደሞኒካ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ጥርጡር ንምፍላጥ መርመራታት ይካየዱ ከም ዘለዉ ኣፍሊጦም።

እቲ ሚኒስተር፡ ወዲ ነቲ ካብ 1982 ክሳብ 1986 ፕረዚደንት ናይታ ሃገር ዝነበረ ሳልቫዶር ጆርጅ ምዃኑ ይጥቀስ።

ምስ ህይወት ትዳውብ ሪፓብሊክ ደሞኒካ፡ ሓንቲ ካብተን ድኹም ጸጥታ ዘለወን ሃገራት ካሪብያን እያ።

## ኒውዮርክ፡ ዋንነት ውልቃዊ ብረት ዝገትእ ሕጊ ኣውጺኣ

ኣብ ኣመሪካ ክፍለ-ሃገር ኒውዮርክ፡ ንዋንነት ውልቃዊ ብረት ዝምልከት ሕጊ ከም ዘጽደቐት ሓቢራ።

ኣመሓደርት ክፍለ-ሃገር ኒውዮርክ ኬቲ ሆቹል፡ ዋንነት ብረት ምግታእ ኣብ ድሕነት ሕብረተሰብ ዓቢ ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ብምሕባር፡ እቲ ሓድሽ ሕጊ ምጽዳቑ ዘሐጉስ ምዃኑ ገሊጻ።

ምውናን ብሕታዊ ብረት ኣብ ኣመሪካ፡ ከቢድ ክስራታት የውርድ ከም ዘሎ ዝሓበረት እታ ኣመሓዳሪት፡ ንምቁጽጻሩ ዝሕግዝ ተረር ስጉምቲ ምውሳድ ኣድላዪ ምዃኑ እያ ብተወሳኺ ገሊጻ።

ብመሰረት እቲ ወጺኡ ዘሎ ሓዲሽ ሕግታት፡ ዋኒን ብሕታዊ ብረት ንትሕቲ 21 ዓመት ክልኩል ኮይኑ፡ ብፍላይ ኢ.ኣር 15 ዝዓይነቱ ኣውቶማቲክ ብረት ብቐሊሉ ኣብ ኢድ ውልቀ-ሰባት ከይኣቱ ዝእግድ እዩ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን፡ ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ መዓልታት፡ ንዋኒን ብሕታዊ ብረት ዝምልከት ተረር ስጉምትታት ክወሰድ ጸውዒት ኣቕሪቡ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ።



ኒውዮርክ ነዚ ቅልጡፍ ስጉምቲ ትወስድ ዘላ፡ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ኣብ ቴክሳስ፡ ብሓደ መንእሰይ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ብዝተኸፍተ ናይ ኣልማማ ተኹሲ 19 ተመሃሮን 2 መማህራንን ድሕሪ ምማቶም እዩ።

እታ ኣማሓዳሪት ብተወሳኺ፡ ካልኦት ክፍላተ-ሃገር ኣመሪካ ከምዚ ዓይነት ስጉምቲ ምስ ዘይወስዳ፡ ብኣልማማ መጥቃዕቲ ብረት ዝስዕብ ሓደጋ ክውሰኽ ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣመሓደርቲ እተን ክፍላተ-ሃገር ዋንነት ብረት ዝገትእ ስጉምትታት ክወስዱ ጸዊዓ።

ኣብ ኣመሪካ ኣብ 2020 ጥራይ፡ ኣስታት 19 ሽሕ ሰላማውያን ሰባት ብመጥቃዕቲ ፎኮስ ብረት ህይወቶም ከም ዝሰኣኑ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ሎሚ ዓመት እውን፡ ካብቲ ኣስታት 200 መጥቃዕትታት ፎኩስ ብረት ተፈጺሙ ከም ዘሎ እቶም ጸብጻባት ብተወሳኺ ገሊጾም።

## ሶማል - ርብዒ ሚልዮን ህዝቢ ንደርቂ ተቓሊዑ

ኣብ ሶማል ብሰንኪ ተኸሲቱ ዘሎ ሕጽረት ዝናብ፡ ኣስታት ርብዒ ሚልዮን ዜጋታት ናይ'ታ ሃገር ንደርቂ ከም እተቓልዑ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣፍሊጡ።

እታ ሃገር ኣብ እዋን ክራማት ብሰንኪ ዘይወቕዐ እኹል ዝናብ፡ ናብ'ዚ ሓደጋ ከም እተቓልዐት ዝሓበረ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ብፍላይ ኩነታት ኣየር ዓለምና ዘይስሩዕ እናኾነ ይመጽእ ከም ዘሎ ኣገንዚቡ።

ልዕሊ 200 ሽሕ ሶማላውያን ንደርቂ ተቓሊዖም ከም ዘለዉ፡ እቲ ውድብ ብተወሳኺ ክሕብር እንከሎ፡ ነቶም ግዳያት ቅልጡፍ ሓገዝ ከም ዘድልዮም ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ ሶማል ኣብ መፋርቕ 2021፡ ብሰንኪ ደርቂ ኣሽሓት ጥሪት ከም ዝሞታ ጸብጻባት ሕርሻ እታ ሃገር ይጠቕሱ።

ኣቐዲሙ ኣብ 2011፡ ብሰንኪ ደርቂ ኣብታ ሃገር ኣስታት ርብዒ ሚልዮን ሰባት ከም ዝሞቱ ሰነዳት የመልክቱ።

ሶማል ኣብዚ እዋን'ዚ ዝኸፍ ዓለማዊ ሓገዝ ከም ዘድልያ ኢዩ ዝሕበር ዘሎ።

ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ እናዓበየ ኣብ ዝመጽኣሉ ዘሎ እዋን፡ ብዙሓት ሃገራት ግዳያት ክኾና ከም ዝጀመራ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ሃገራት ዓለም ክሊማዊ ለውጢ ንምክልኻል ቅልጡፍ ዝትግበር ዕላማታት ምስ ዘይሕንጽጻ፡ ሳዕቤናት ደርቂ እናዓበየ ከም ዝመጽእ እዮም፡ ዝተፈላለዩ ወገናት ዘጠንቀቑ ዘለዉ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም | 8/6/2022 | ጎደና ሰላም ቁ.ገዛ 47 | 122350 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services